# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.260 | ቀዳም 29 ሰነ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ኣፍሪቃ - ኣብ መድረኽ ምግሃድ ተስፋ



ገጽ 4
የኽፋኣለይዶ ይኸውን?

ገጽ 5
ገስጋስ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዞባ ጋሽ-ባርካ

ገጽ 7
ጥበባት 21 ዘመን

ገጽ 11
ደንደን ኣስመራ ቢራን ደረጃኡን ዓቂቡ


## ዓንሰባ - መንእሰያት ኣብ ታሪኻዊ ቦታታት ግንባር ሓልሓል ዑደት ኣካዪዶም

መንእሰያት ዞባ ዓንሰባ፡ ካብ 22 ክሳብ 25 ሰነ፡ ኣብ ታሪኻዊ ቦታታት ግንባር ሓልሓል ነበርን ጅግንነት ዝተፈጸመሉም ድፋዓትን ዑደት ኣካዪዶም።

እቲ ብምምሕዳሩ ዝተወደበ ዑደት፡ ወሳኒ ወተሃደራዊ ግጥማት ዝተኻየደሉን ረዚን ዋጋ ዝተኸፍለሉን ድፋዓት ብኣካል ብጺሖም ታሪኽ ብምፍላጥ፡ ኣብ መድረኻዊ ተልእኾ ንቑሕ ኣበርክቶ ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ፡ ሓላፊ ጨንፈር ዓንሰባ ኣቶ ኣዝዚ በርሀትኣብ ገሊጹ።

ኣዝዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ - ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሴ፡ ኣብ ግንባር ሓልሓል ንዘበረ ኣተሓሕዛ ድፋዓት፡ ዝተኻየደ ውግኣት፡ ጅግንነት ተጋደልትን ህዝብን ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ ሰፊሕ መብርሂ፡ ከቢድ ምርብራብ ዝተኻየደሉ ግንባር ከምዝነበረን፡ ኣብ ምዕዋት ሓርነታዊ ቃልሲ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝነበሮን ገሊጹ።

መንእሰያት፡ ብኣካል ናብ ቦታ ታሪኽ ብምብጻሕ ታሪኽም ከምዝፈልጡ ምግባር - ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ዘገንዘበ ሜጀር ጀነራል ተኽላይ፡ ነቲ ዑደት ንዘወደቡ ሞጒሱ።



ስእሊ- ኤፍሬም ተስፋብርሃን

ካልኦት ሰብ ወዕሎ እውን፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ብዛዕባ ዝተኻየዱ ፍጻሜታት፡ ውግኣትን ፍሉያት ስርሒታትን መግለጺ ሂቦም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ብመንእሰያት ዝተሰርሐ ቅያን ታሪኽን ናብ ሰዓቢ ወለዶ ምስግጋሩ ናይ ኩሉ ሓላፍነት ስለዝኾነ፡ እቶም መንእሰያት - ዝረኸብዎ ዕድል ናብ መዘኡታቶም ንኸሰግሩ ኣሕዋቶምን ከመሓላልፍዎ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ዑደት፡ ካብ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ ዝተዋጽኡ 689 መንእሰያትን 120 ዕዱማት ኣጋይሽን ተሳቲፎም።

## ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት - ደቀምሓረ፡ 103 ተመሃሮ ኣመረቓ

ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ደቀምሓረ፡ ንኽልተ ዓመት ብ5 ዓውድታት ሞያ ዘምሃረቶም 103 ተመሃሮ፡ ብ23 ሰነ ብሰርትፊኬት ኣመረቓ።

እዞም ኣብ ማብል 20 ዙርያ ዝተመረቑ ተመሃሮ፡ ብኣውቶመካኒክ፡ ህንጻ፡ ኤለክትሮኒክስ፡ ኤለክትሪሲቲን ስርሓት ዕንጸይትን እዮም ሰልጢኖም።

ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት፡ ዳይረክተር እታ ቤት-ትምህርቲ ኣቶ ወሃብ መሓመድ-ዓሊ፡ ተመረቕቲ ቀሲሞም ዘለዉ ፍልጠት ብስራሕ ከማዕብልዎን ከዕምቕዎን፡ ከም'ኡ'ውን ብቴክኖሎጂ ክድርዕዎ ተላብዩ።

ብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ሰዩም፡ መንእሰያት ብቑዕ ሞያዊ ፍልጠት ክቐስሙ - መንግስቲ ዘኻፍ ወፍሪ ከገብር ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ዝተመደብሉ ቦታ ብትግሃት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ዝለዓለ ነጥቢ ዘመዝገቡ 10 ተመሃሮ ተሸሊሞም።

ኣብ 1998 ዝተመስረተት ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ደቀምሓረ፡ ካብ 2002 ክሳብ 2023፡ ካብ ዝተፈላለያ ዞባታት ዝመጹ 3,432 ተመሃሮ ኣመረቓ።

## ሰረጃቃ - ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ. ናይ ቆፎታት ሓገዝ ገይሩ

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ (ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ.)፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጃቃ ንዘርከቡ ኣባላቱ ናይ ቆፎታት-ንህቢ ሓገዝ ገይሩ።

እቲ ኣብ ወጻኢ እትቕመጥ መንእሰይ ሚርያም የውሃንስ ብዘበርከቶ ኣበርክቶ ብ26 ሰነ ንሓሙሽተ ሓርበኛታት ስንኩላን ዝተበርከተ ሓገዝ፡ ምሉእ ናውቲ ቆፎን ክልተ ሽሕ ናቕፋን ዘጠቓልል እዩ።

ኣብ'ቲ ናይ ምርክኻብ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ጨንፈር ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጃቃ ኣቶ ሰዓረ ሓይደራዝጊ፡ እቶም ስንኩላን መቑዘብሮኦም ንምምሕያሽ ኣበርቲዖም ክጽዕሩ ተላብዩ።

ኣብ ካልእ ምስ ንህቢ ዝተተሓሓዘ ዜና፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደንገሎ - ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ብዛዕባ ምርባሕ ንህቢ - ን10 መዓልታት ብዋዕበር ዝተሰደ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ተዋሂቡ።

እቲ ብምግዳኡ ዝተወደበ ስልጠና፡ ዓሌታት ንህብን ምሕደራኦምን፡ ረብሓታትን ብልሜታትን ጋብእውን ያታውን ቆፎታት፡ ከም'ኡ'ውን ኣገባብ ምክልኻል ተጻብኦቲ ንህብን ሜላታት ምብዛሕ ዕስለታት ንህብን ዘጠቓልለ እዩ።

እቲ ስልጠና፡ ጺጋታትን ምቹእነትን ናይ'ቲ ከባቢ ንመፍረ ንህቢ ኣብ ግምት ዘእተወ ምንባሩ፡ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽኮር፡ ሰልጠንቲ ዝረኸብዎ ዕድል ብዝሓሸ ክረብሕሉ ኣዘኻኺሩ።



ዜና

# ዝኽሪ 20 ሰነ - ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት. . .

ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኢጣልያ፡ ሕ.መ.ኢ.ን ስዊዘርላንድን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ “ሃገር ኣብ ሪዚን ዝኽሪ ሓበን” ብዝብል ቴማ ብዓቢ ክብሪ ዘኪሮምዋ።

ኣብ 18 ከተማታት ኢጣልያ፡ ሽማዓ ብምውላዕ ናይ እግሪ ጉዕዞ ብምክያድ፡ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ብምድላው ኣብ ዝተቓፀ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ኣስታት 43,600 ዩሮን 50 ፓውንድን ንመሰነ. ማዕበን ሕድሪ ሰማእታት ከምእተበርከተን፡ 6,440 ዩሮን 100 ዶላርን መብጽዓ ከምእተኣትወን ተሓቢሩ።

ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ ድማ፡ ኣብ ኣትላንታ ከባቢኣን ዝነብሩ ኤርትራውያን ንተበጃዉቶ ሰማእታትና ዝገልጽ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ብምድላው - 31,356 ዶላር ንመጠወሪ ስድራ-ስዉኣት ወፍዮም።

ኣብ ቺካጎን ከባቢኣን ብዝተመሳሰለ፡ 36 ስድራ-ስዉኣት ንምእላይ ዝውዕል፡ 34,560 ዶላር መብጽዓ ተኣትዩ።

ኣብ ኮሎምቦስ - ኦሃዮን ከባቢኣን፡ ንመሰነ. ማዕበን ሕድሪ ሰማእታት 3,900 ዶላር ክውፈ. እንክሎ፡ 20 ዜጋታት ድማ - 20 ስድራ-ስዉኣት ንምንባይ ሓላፍነት ወሲዶም።

ማሕበረትም ከተማ ሃሪስበርግ - ፐንስልቫንያ ብወገኑ፡ 3,535 ዶላር ንመናበዩ ስድራ-ስውኣት ኢታዊ ተገይሩ።

ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ዝተኻየደ መደባት ዝኽሪ እውን፡ ኤርትራውያን ከበርቲ ጀኑቭ 3,200፡ በርን 2,200፡ ባዝል 9,310፡ ሰንጋለን 2,210፡ ሉዛርን 16,000፡ ከበርቲ ሉዛርን ድማ 6,200 ፍራንክ - ንመሰነ. ማዕበን ሕድሪ ሰማእታት ወፍዮም።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ በርን 21 ስድራ-ስዉኣት፡ ኣብ ባዝል ድማ 12 ስድራ-ስዉኣት ንምጥዋር ቃል ተኣትዩ።





## ኣብ ማይ-ምነን ዓዲ-ኳላን 220 ሽሕ ናቕፋ ተበርኪቱ

ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡሳን ዞባታት ማይ-ምነን ዓዲ-ኳላን፡ ኣስታት 220 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ-ስውኣት ተበርኪቱ።

በዚ. መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ ዝተጥፉ ሰራሕተኛታትን ከበርቲ ሓወሲ. ከተማ ማይ-ምነን - ኣስታት 110 ሽሕ ናቕፋ፣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ድማ - 109 ሽሕ ናቕፋ ኣበርኪቶም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ምምሕዳራት ከባቢ. ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ ንጽገማት ስድራ-ስዉኣት ናይ ማሕረስን ምጽጋን ኣብያትን፡ ብሓደ በዓል ጸጋ ዜጋ ድማ ን50 ስድራ-ስውኣት ናይ ክዳውንቲ - ሓገዝ ከምእተገብረ ተሓቢሩ።

## ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ 31 ኣባላት ትካላት መንግስቲ ኣሰልጢኑ

ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ካብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ክሳብ ሓደ ዓመት ብመሰረታዊ ጽገናን ወቕታዊ ኣገልግሎትን ተሸከርከርቲ ክሰልጥናም ዝጸንሐ 31 ኣባላት ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ፡ ብ25 ሰነ ኣመሪቑ።

ኣብ'ቲ መደብ፡ 20 ኣባላት ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ - ኣብ ክልተ እብረ. ን4 ኣዋርሕ ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን፣ 11 ኣባላት ሓይሊ. ኣየር፡ ፖሊስ ዞባ ማእከልን ኮርፖረሽን ኤራቴልን ድማ ንኣስታት ሓደ ዓመት ብዮዙብሪ ከምዝሰልጠኑ፡ ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ናይ'ቲ ኩባንያ ኢንጅነር ናህም ሚልዮን ሓቢሩ።

ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ኣብ ህንጸት ሃገር እጃሙ ንምብርካት፡ ካብ'ተን ዘውክለን ኩባንያታት ዝረኸቦ ፍልጠትን ንዓመታት ዘጥረዮ ተመኩሮን ምስ ኣገልግሎት መዓዓዚያ ተኣሳሲሩ ንዝመጽእ ምዕቢላታት ናብ ሕብረተሰብ ኣብ ምትሕልላፍ እውን ከምዝሰርሕ ብዘወሃኸ. ገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ኣቶ ግርማይ ኣብርሀ እውን፡ ኣብ 1997 መሰልጠኒ. ማእከል ዝመስረተ ኩባንያኦም፡ ዓቕሚ ኣባላቱን ካብ ትካሎም ወጻኢ. ንዝርከብ ትካላት መንግስትን ንምብራኽን፡ ዓጢቕዎ ዘሎ ቴክኖሎጂ ንምትሕልላፍን ክሰርሕ ምጽንሑ ኣረዲኡ።

ኣብ መጸኢ. ብመሰረት ጠለብ ትካላት፡ ተመሳሳሊ. ስልጠናታት ብምውዳብ ብዝለዓለ ክድፍኡሉ ምዃኖም እውን ሓቢሩ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284

## ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብነታውያን መማህራን ተሸሊሞም

ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ዞባ ማእከል -ኣስመራ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ብዘበርከትዎ ውፉይ ስራሕ - 124 ኣብነታውያን መማህራን ሸሊሙ።

ብ25 ሰነ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ቴድሮስ ኣብርሃም፡ ተሸለምቲ - 110 መማህራን፡ 5 ናይ ምሕደራ ሰራሕተኛታት፡ 9 ድማ ሓለፍቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ምዃኖም ሓቢሩ።

እቲ ዕላማ - ብስራሖን ኣበርክቶኦን ካብ መሳርሕቶም ጸቢሎ ንዝበሉ ኣፍልጦ ንምሃብን ንምትብባዕን ከምዝተሸለሙ እውን ገሊጹ።

እቲ ሽልማት፡ ንፍሲ-ወከፎም ሜዳልያ፡ ወረቐት ምስክርን ገንዘብን ዘጠቓለለ እዩ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ኣሃዱ ምክትታል ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር የውሃንስ ሰለሙን፡ እቲ መደብ ንተሸለምቲ ዘተባብዕ ኣብ ካልኦት ድማ ቅዱስ ቅንኢ. ዝፈጥር ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።



ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምተ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# የኽፍኣለይዶ ይኸውን?

ደዋሊት፤ ሄለው፤ ኣገልግሎት ምኽሪ?

ኣማኻሪ፤ መርሓባ፡ ኣይተጋገኻን። መን ክብል? ካበይ ቦታ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ፌሩዝ እብሃል፣ ካብ መንደፈራ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ ፌሩዝ፡ እንታይ ክንሕግዘኪ?

ደዋሊት፤ ኣል 25 ዓመትን ሰራሕተኛ'የ። ምስ ሓደ ወዲ ፍቕራዊ ዝምድና ጀሚረ። ሌላና ዓሚቑ፡ ተመርዒና ሓዳር ክንገብር ድማ ወሲንና። ንመርዓ ኣብ ምድላው ንርከብ። ሕጂ ግን ሓደ ባህ ዘየብል ነገር ኣጋጢሙኒ ኣሎ።

ኣማኻሪ፤ ባህ ዘየብል ደኣ እንታይ ተረኺቡ?

ደዋሊት፤ ብስራሕ ንግዲ እትነባበር ዓባይ ሓፍተይ፡ ሓደ ዘይተሓሰበ ኣርእስቲ ኣልዒላ። ዝተሓሰበ ውራይ "ኣቋርጽዎ" እናበለት፡ ንኽልና ስድራ ኣጨኒቓትና። ሎም ቀነ ኣብ መገሻ እንከላ፡ ብተለፎን ምስ ኣቦይ እናʼዕለለት እንከላ፡ "ናይ ሓፍትኺ ቊምነገር ሓሲብና፡" ምስ በላ፡ "ኣቋርጽዎ ባዕለይ ዝሓሰብኩላ ኣሎ። ኣቐዲምኩም ክትነግሩኒ ነይርኩም፡" ብምባል ተቛይቑቶ።

ኣማኻሪ፤ ኣቐዲማ ኣይትፈልጥን ነይራ ማለት ድዩ?

ደዋሊት፤ ካብ ስርሐይ ብዕረፍቲ ንገዛ ምስ መጻእኩ፡ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ'የ ንስድራይ ነጊረዮም። መጀመርያ ኣቦይ ምስ ኣብ ጥቓና ዝርከቡ መቕርብ መኺሩ፣ "ሕራይ በሊ'ዛ ኳለይ። ጥራይ ኣብ ዝጠዓሞም ግዜ ኣቐዲሞም ይንገሩና። መጸበቒኺ ይግበሮ፡" ኢሉ መሪቑኒ'ዩ። እዚ ሓሳብ ድሒሩ'ያ ኣምጺኣቶ።

ኣማኻሪ፤ ገለ ምስ ሓፍትኺ ኣቐዲምኪ ኣየዕለልክን ዲኺ?

ደዋሊት፤ ገያሺት ስለ ዝኾነት፡ ሓወይ'ውን ኣብ ወጻኢ ሃገር ስለ ዘሎ፡ ብሓንሳብ ክንገሩ'ዮም ኢለ ስለ ዝሓሰብኩ ኣይነገርክዋን። ኣጋጣሚ ንሳ'ውን ኣይደወለትን።

ኣማኻሪ፤ ሓፍትኺ ተቓውሞ ክህልዋ ይኽእል'ዩ ዝብል ግምትከ ኔርኪዶ?

ደዋሊት፤ ከምኡ ትገብር'ያ ኢለ ዋላ እንተ ዘይገመትኩ፡ ስለ ዘይተመርዓወት ግን ቀዲማትኒ ከይትብል ስክፍታ ነይሩኒ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ኣቐዲምኪ ወይ ኣብታ ዝመጻእክላ እንተ ትነግርያ እንታይ ምሓገዘኪ?

ደዋሊት፤ እቲ ወዲ ኵለንትንኡ ምሳይ ዝሸይድ ስለ ዝኾነ፡ ወዲእናዮ ኢና። ንስድራይ'ውን ኣቐዲመ ኣይነገርክዎምን። ስድራይ ግን "እንቋዕ ብደሓን መጻእኪ፡ መባልይትኺ ይግበረልኪ፡" እዮም ኢሎም። ሓፍተይ ብዙሕ እዋን ስለ እትገይሽ ብቐረባ ዝረኽቦም ስድራይ እዮም። ደሓር ከኣ ጽቡቕ ናይ ሓፍታ ተሓጉሳ፡ ትድግፈኒ እምበር፡ ከምዚ ገይራ ተጉባዕብዕን ትሓርቐንዶ ኢለያ ኢልካኒ።

ኣማኻሪ፤ ናይ ሓፍትኺ ምኽንያት እንታይ ይኸውን?

ደዋሊት፤ ንሳ ደኣ፡ "ስለምንታይ ኣነ ዘይፈልጦ ጉዳይ ትሓስቡ፡ ኣነ ንዓኣ ዝኸውን ሰብ ረኺበላ እንድየ፡ ካልኣይ መልሓስ ከይተዛርቡኒ'ያ፡" ትብል።

ኣማኻሪ፤ ንስኺ፡ ከይፈለጥኪ ዶ ገለ ምስ ስድራኺ ተዘራሪባ ነይራ ትኸውን?

ደዋሊት፤ ከምኡ ኣይኮነንን፣ ስድራይ'ውን ከይሓበሩኒ ስቕ ኣይምበሉን።

ኣማኻሪ፤ ተራኺብክን ኔርክን ዲኽን?

ደዋሊት፤ ዝሓለፈ ሰሙን ካብ መገሻ ምስ ተመልሰት፡ ድሕሪ ሰላምታ ምርድዳእ ዘይነበሮ ዕላል ጌርና። ከይተወሓሓጥና ድማ ተተፋኒና ተፈላሊና።

ኣማኻሪ፤ ንገለ ካብቲ ዝተበሃልክነኦዶ መዕለልክኒ?

ደዋሊት፤ ኣረሕኢያና በበይኑ'ዩ። "እዚ ዘምጽኣልኪ ዘለኹ ሃብታም'ዩ። ክሓልፈልኪ ኣይትደልይን ዲኺ?" እያ ትብል። ብወገነይ ብዛዕባ ፍቕርን ምኽብባርን እምበር ገንዘብ እንታይ ክዓብሰለይ'ዩ በሃሊት'የ።

ኣማኻሪ፤ እሞ ከምኡ ምስ በልክያ እንታይ በለት?

ደዋሊት፤ ወይ ንስኻ፣ ከምዛ ንሳ ትምርዓወለይ፡ "ዝተበሃልክዮ ግበሪ" ኢላ ተማጒታትኒ።

ኣማኻሪ፤ ከተእምንያ ዝፈተንክዮ ኣገባብ ነይሩዶ?

ደዋሊት፤ ሓፍትኻ፡ ዘረብኣ ክጸወሮ ስለ ዘይከኣልኩ፡ ካብ ሓቂ ዘይሓልፍ፡ "ዝሓለፈ እዋናት ደኣ ኣበይ ኔርኪ. ሕጂ ንዝተሓሰበ ከተፍርሲ ህርዲግ ትብሊ?" ኢለ ናይ ልበይ ዳሕዲሐላ።

ኣማኻሪ፤ እሞ ክልቴኽን ብሕርቃን ምምልላስክን እንታይ ሓጊዙክን ትብሊ?

ደዋሊት፤ ርግእ ኢልካ እንተ ሓሲብካሉስ፡ ዓቕሊ ጌርካ ምስማዕ ምሓሸ ነይሩ። ዝመሰለኒ ምውሳነይ ዘይተርፍ'ዩ ኢለ'የ ስምዒት ወሲኸሉ። ክሰምዓኪ'ሞ ስምዕኒ ዘይምባላ ግን ኣጣዒሱኒ። "ዓቕሊ ዋጋ በቕሊ" ዝበሃል ምስላ መዓስ ስቕ ኢሉ ተመሲሉ።

ኣማኻሪ፤ ፌሩዝ፡ ተራ ናይ ሓፍትኺ ኣብ ስድራቤትኩም እንታይ'ዩ?

ደዋሊት፤ ንሱ እንድዩ ድኣ ዘስክራ ዘሎ። ጽቡቕ ኣታዊ ስለ ዘለዋ ኣብ ቊጠባ ገዛና ዘያዳ'ያ ትውትፍ። ስለዚ፡ ወለደይ ኣብ ውራይ ብፍላይ ምሉእ ተጸበይታ እዮም'ኳ እንተ ዘይበልኩ፡ ይዕበ ይንኣስ ኣብ ጉዳያት ሓገዛት ትገብር'ያ። ዝበዝሐ እዋን ንሳ ይኹን ዝበለቶም እዮም ዝገብሩ።

ኣማኻሪ፤ ሕጂኸ እንታይ ትብል ኣላ ትብሊ?

ደዋሊት፤ "እዚኣ ክሓልፈላ ዘይትደሊ ሰብ'ያ። ንዓኣ ኮይና ንስድራ መታን ክትከውን፡ ዝብላ ዘለኹ ትሰማዕ'ያ፡" ትብል ዘላ።

ኣማኻሪ፤ ስድራኺኸ እንታይ ይብሉ?

ደዋሊት፤ ንዓይ ዝገርመኒ ዘሎ ስድራይ ሓንጎፋይ ኢሎም ከም ዘይተቐበሉኒ፡ ሕጂ ኮር ተገምጢል ኮይኑ፡ ኣነ ዝበልክዎ ዕሸሽ ብምባል፡ ብዘይካ ሰላምታ ዕላል የብልናን።

ኣማኻሪ፤ ስድራቤትኪ ዘጠራጥሮም ጉዳይ ኣሎ ድዩ?

ደዋሊት፤ ንሳቶም ድኣ በኹሪ ገዛ ስለ ዝኾነት፡ ምስቲ ዝጸንሓ ተሰማዕነት ምድፋራ ስኢኖም ይኾኑ።

ኣማኻሪ፤ ብወገንኪ፡ ምስዚ ሓፍትኺ እትብሎ ዘላን ንስኺ ዝመረጽክዮን ሰብ፡ ብምንጽጻር እንታይ ትብሊ?

ደዋሊት፤ እቲ ኣነ ዝደልዮ ሰብ ብግቡእ ተላልየ፡ ግዜ ወሲደ፡ መጽናዕቲ ኣካይደ በቲ ኣነ ዝዓበኹሉ ባህልን ልምድን ተኹስኩሱ ዝዓበየ፡ ኣኽብሮትን ፍቕርን ኣብ ልዕለይ ከም ዘለዎ ባዕለይ ዘረጋገጽክዎ'ዩ። እንተ'ቲ ሓፍተይ ትብሎ ዘላ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ብሉጽነት ዋላ ይሃልዎ፡ ንመምዘኒታት ሓፍተይ ዘማልእ እምበር፡ ኣነ ዝሃርፎ ሰብ ኣይኮነን። ባዕለይ ዝኣመንክሉ እናሃለወኒ፡ እሞ ድማ ብሕጂ ግዜ ክወስድ ስለ ዘይደሊ፡ ሓፍተይ ትፈልጦ ሰብ ዓይነቱ ብዘየገድስ ዘድልየኒ ኣይኮነን።

ኣማኻሪ፤ ሕጂ ንዓኺ ቀንዲ ጸቕጢ ዝገብረልኪ ዘሎ ጉዳይ ሓፍትኺ ድዩ ዋላ ካልእ?

ደዋሊት፤ እንታይ ደኣ፡ ስድራይ ሓፍተይ ብእትገብረሎም ዘላ ጸቕጢ፡ ዝተሓሰበ ውራይ፡ ከምዛ ናይ በይነይ፡ ጎቦ ጎቦ ኣብዚሖም ኣለዉ።

ኣማኻሪ፤ ካብ ምንታይ ተበጊስኪ ከምኡ ትብሊ ኣለኺ?

ደዋሊት፤ ኵሉ ሓሳባቶምን ተግባራቶምን፡ ንዓይ ምክትታል ጥራይ ኮይኑ። ካልእ ምዕባየይ፡ ዘይተመርዓወት ሓፍተይ፡ ኣብ ገዛ ኮፍ ኢላ ንዓይ ጥራይ ከም ትከታተለኒ ገይሮም ኣለው። ብዘይካ ኣተኺ ወጻእኪ፡ እንታይ ንገበር ዝብል ዘረባ የለን። ኣነ ካልእ ክገብር እንተ ዝደሊ ሳላ ስርሐይ መዓስ ምስኣም ይኸመጥ ኣለኹ። ኑቶም ወግዒ ትብጻሕኩም ዝጽበዩ ዘለው እንዳ ወዲ እንታይ ክብሎም ከም ዝኽእል የሻቕለኒ ኣሎ።

ኣማኻሪ፤ ንስድራኺ ከተረድእዮምከ ፈቲንክዶ?

ደዋሊት፤ ፈተነ ኣካይደ ኣለኹ፣ ግን ሓገዞካ ምደለኹ?

ኣማኻሪ፤ ንወለድኺ፡ ቁልዓ ኴንኪ ክትሰምዕዮም ስለ እትኽእሊ፡ ንስኺ እኽልቲ ሰብ ምኻንክን፡ ንሓሳባቶም ተኽብርዮምን ትቕበልዮን ምኻንኪ፣ ይኹን'ምበር፡ ዝኾነ ሰብ ናቱ ሓያልን ድኹምን ጐኒ ስለ ዘለዎ ካብ ዘይትፈልጦ ትፈልጦ ሰብ ከም ዝሓይሽ፣ ህይወት ድማ ብገንዘብ ዘይኮነ ብኣተሓሳስባ ከም እትምእዘን፣ ውሳኔኺ ድማ ልቦና ዘለዎ እምበር ብንእስነትን ስምዒትን ጥራይ ዝተደረኸ ዘይምዃኑ ምግላጽ ከድልየኪ'ዩ። እትነብርዮ ናብራ ድማ እንተ ጠዓመ ንዓኺ ጥራይ ዘይኮነ ንዕኦም'ውን ከም ዘኹርዕ ምግላጽ የድልየኪ። ብሓይልን ምግዳድን ዝምስረት ናብራ ድማ ውጽኢታዊ ክኸውን ስለ ዘይክእል ደጋጊሞም እንተ ሓሰብሉ ዝሓሸ ምዃኑ ከይተሓለልኪ ምርዳእ የድልየኪ። ደላዪት ስለ ዝኾንኪ ድማ ንስኺ ዝያዳ ጽን በሃሊት እንተ ኴንኪ፡ ገለ ገለ ሓሳባት ብግምት ትሓስብዮም ከይትህልዊ ብዕምቆት ንኽትርድኢ ክሕግዘኪ'ዩ።

ደዋሊት፤ ንሶም ቀሩብ ተጠውዮም ስለ ዘለዉ፡ ኣብ ጥቓና ዝርከብ ንእሽቶ ሓወቦይ ኣሎ። ምሳይ ጽቡቕ ምቅርራብ ስለ ዘለዎ ድማ ቅድም ንዕኡ ከካፍሎ ክሓይሽ'ዩ መሰለኒ። እምበር ዋላ ኣደይ እንተ ኾነት ምዝራብይ ኣሰኪፍዋ፡ ዓይኒ ዓይነይ ካብ ምጥማት ሓሊፋ ብጩቕ ኣይበለትን።

ኣማኻሪ፤ ዋላ'ኳ ዘይንዓቕ ሓሳብ እንተ ኾነ፡ ባዕልኺ ተበግሶ ወሲድኪ እንተ ተዛረብክዮም እንታይ ይመስለኪ?

ደዋሊት፤ ሓቅኻ፡ ሓፍተይ ናይታ ዝያዳ ሕልፈይ እትገብረሎም፡ ንዓኣ ሰሚዖም ኣጓንዮምኒ ስለ ዘለዉ፡ ክሰምዑኒ ዝኽእሉ ኣይመስለንን።

ኣማኻሪ፤ ኩሉ ዝመስለኪ ሓቂ'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ጌጋ'ዩ። ካብ ብዝመስለኪ ብዝርዳኣኪ ብህድኣት ደጋጊምኪ ምግላጽ የድልየኪ። ነዚ ተመኒኽዮ ዘለኺ ሰብ መምረጺኺ እንታይ ይኸውን?

ደዋሊት፤ ኣቐዲመ'ኳ፡ ቀሩብ ተናኺፈዮ እንድየ። ሓደ፡ ቃል ዝኣተኹሉ ወዲ ብምዃኑ፡ ኣነ ምስኡ ቃልኪዳን ኣጻብዕቲ ዘይኮነ፡ ብልቢ ምስ ፈተኽዎ ኪዳን ልቢ ኣሰረሉ'የ። ደሓር ከኣ ኣብ ትብጻሕኩምን ሕጸን'ኳ ኣይበጻሕ፡ ወለደይ ከይተረፉ ኣዳቒቖም ዝፈልጥዎ፡ ቃል ምዕጻፍ ኣንጻር እምነትናን ልምድናን ስለ ዝኾነ ብሕልናይ ኣይቕበሎን'የ።

ኣማኻሪ፤ ዝኸበርኪ ፌሩዝ፡ ባህልናን ልምድናን ምኽብባር'ዩ መሰረቱ። ብሓሳባት ምፍልላይ ዘይጽላእ'ኳ እንተ ኾነ፡ ምትፍናንን ግን መፍትሒ ኣይከውንን'ዩ። ደላይት ክሳብ ዝኾንኪ ድሌትኪ ሓቀኛን ኣርባሕን ምዃኑ ናይ ምርዳእ ሓላፍነት ናትኪ'ዩ። ምኽንያቱ፡ "ተጸግበኒ ቅጫ ኣብ መቑሎኣ እንከላ'የ ዝፈልጣ" ከም ዝበሃል። ዝሕሸኪ ልዕሌኺ ዝፈልጥ ዘሎ ኣይመስለንን። ሓፍትኺ'ውን ብዓይኒ ቊጠባዊ ሓልዮት ጥራይ ትግንዘቦ ክትህሉ ትኽእል'ያ። ሓልዮት ግና ኪንኡ ከም ዝኾነ ምግላጽ የድልየኪ።

ደዋሊት፤ ሓቅኻ፤ ብውሑዱ ምሳኹም ምዕላለይ ፍርቂ ጾዕነተይ ዝተቐንጠጠ ኮይኑ ይስምዓኒ ኣሎ።

ኣማኻሪ፤ ሓፍትኺ፡ ዋላ ብዓይኒ ቊጠባ ዘበገሰቶ ሓሳብ ክኸውን ዝኽእል እንተ ኾነ፡ ብዙሕ ዘየስተብሃለትሉ ኩርናዕ ክህሉ ይኽእል'ዩ። ንስኺ ድማ ዝያዳኣ ዝረኣኽዮን ዘስተውዓክዮን ነጥብታት ክህሉ ስለ ዝኽእል ክትገልጽላ የድልየኪ። እቲ ንስኺ ዝረኣኽዮን ዘስተውዓልክዮን ክትፈልጦን ክትርድኦን እንተ ኺኢላ፡ ንሳ'ውን ዝጉደላ ከም ዘሎ ንኽትፈልጥ ክሕግዛ'ዩ። ነዚ ከፍልጣ ዝኽእል ብዘይካኺ ዘሎ ኣይመስለንን። ስድራኺ ድማ እንተስ ብስክፍታ እንተስ ዘይብርሃሎም ጉዳይ ኣሎ፡ ንምፍትሑ ምብህሃል ወሳኒ'ዩ።

ደዋሊት፤ ስድራይ ዘይደልይዎ ዝኣተኽዎ መውሰቦ፡ ጽባሕ ንግሆ ዝኾነ ምስ ዘጋጥም ጸግዒ ከይስእን'ውን ስክፍታ ኣሎኒ። ምውሳነይ የኽፍኣለይ ከይከውን ክውከስ ኢለ እምበር፡ ንስድራይ ብዘተኻእለኒ ሓሳባተይ ብግልጺ ከረድኦም'የ።

ኣማኻሪ፤ መውሰቦኮ ኵሉ ጥዒምካ ዝእቶ ወግዒ ኣይኮነን። ጽቡቕ ተመኒኻ ብፍቕሪ ተሳኒኻ ክትነብር እትኣትዎ ውዕል'ዩ። ሓድሕድኩም ብእትገብርዎ ምክብባርን ሓልዮትን ድማ ውሕስነቱ ይረጋገጽ። ካብቲ ድሮ ኣጽኒዕክዮን ተቐቢልክዮን ዘለኺ ሰብን፡ እቲ ብርሑቕ ይሕሸኪ'ዩ ተባሂልኪ ዘለኺ ሰብን ምስ ኑብስኺ ተማኺርኪ ዝሕሸኪ እተለልዪ ንስኺ ኢኺ። ደሓር ከኣ ሕልሚ ፈሪሕካ ከይደቀስካ ምሕዳር ጥዕና ዝህብ ኣይመስለንን። ድሕሪ መርዓ ንዘጋጥም እንተታት ሰጊእኪ፡ ካብ ክውንነት ርሒቕኪ ምውሳን ሓጋዚ ኣይኮነንን። ናይ ሎሚ ውሳኔ ንጽባሕ ጽልዋ ክህልዎ ዋላ ዝኽእል እንተ ኾነ፡ ብዛዕባ መጻኢ ጥራይ ምሽቃል ግን ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ስለ ዝዓቢ፡ ኣብ ሎሚ ምስትብሃል'ዩ ንጽባሕ ከሳልየኪ ዝኽእል። ናይ መጻኢኺ ሓላፍነት ምስካም ግን ናትኪ'ዩ። እዚ ክውን ንክኸውን ግን፡ ምስ ስድራኺ ዝነበረ ርክብ ናብ ዝነበሮ ምምላስ ኣገዳሲ'ዩ። ዝኣተኽዮ ቃል፡ ብመሰረት ባህልናን ልምድናን ቃል ክቡር ምዃኑ፡ ከተረድእዮም ጻዕሪ ከድልየኪ'ዩ። ንሱ ድማ፡ ብኢሂን ምሂን'ዩ ክኸውን ዝኽእል።

ደዋሊት፤ በልስኪ ፈጣሪ ይሓግዘኒ፡ ኣብ ዝሓሸ ኣጋጣሚ የራኽበና። የቐንየለይ!።

ኣማኻሪ፤ ኣነ'ውን ኣመስግነኪ። ብሩኽ ምሸት!

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ፊልማዊት መዓሾ

# ገስጋስ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዞባ ጋሽ-ባርካ

ሚንስትሪ ሕርሻ ምዕቓብ ሓመድን ማይን ቀዳምነት ሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ እዩ። ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ድማ እተፈላለየ ወፍርታት ብምውዳብ ዝትግበር ዘሎ ስራሕ እዩ። ኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ ንገስጋስ ስራሕ ወፍሪ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣመልኪቱ፡ ወኪልና ኣቶ መብራህቶም ገብረሂወት ምስ ሓላፊ ጨንፈር ምዕቃብ ሓመድን ማይን ልምዓት መስኖን ኢንጅነር ዳንኤል ፍረዝጊ ዝገበሮ ቃለ መሕተት ቀሪቡ ኣሎ።

*** ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከመይ ይግለጽ?**

- ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ ወቕቲ ሓጋይ ዝጀመረ፡ ኣብ ምሉእ ዞባ ክሳብ ደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ ዝዝርጋሕ ሞያውያን ኣዋፊርና ኣብ ምስራሕ ንርከብ። ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን እቶትን እቶታውነትን ኣዝርእቲ ኣብ ምዕባይ፡ ምህርቲ ሳዕሪ መግሃጺ ኣብ ምድንፋዕ፡ ኣከባቢ ብኣትክልቲ ኣብ ምሽፋን ከምኡ'ውን ማይ ኵዖታትን ገማግም ሩባታትን ኣብ ምፍዋስን ምርጋእን ተራኡ ገዚፍ ኮይኑ ንረኽቦ። ብሓፈሻ እነካይዶ ወፍሪ ኣብ መሬት ሕርሻ፡ ቦታ መግሃጺ፡ ኣብ ማይ ኵዖን ኣብ ገማግም ሩባታትን ኣድሂቡ ይነጥፍ። ዕላምኡ ብዙሕ ይኹን እምበር፡ ዝያዳ ግና ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ሰብን እንስሳን የተኩር።

*** እቲ ወፍሪ ዝርግሐኡን ሽፈንኡን ብደረጃ ዞባ ክትገልጸልና?**

ምዕቃብ ሓመድን ማይን ቀጻሊ ንጥፈታትና ኰይኑ፡ ኣብ ዓመተ 2024 ኣብ ምሉእ ዞባና ብሰፊሕ መልክዑ ይትግበር ኣሎ። እቲ ስራሕ ብሞያውያን ሕርሻ እናተመርሐ ምስ ምምሕዳራት፡ ህዝብን ሰራዊትን ብምውህሃድ ብልዑል ናይ ስራሕ መንፈስ ዝዓብለሎ ወፍሪ ይሰላሰል ኣሎ። ዝካየዱ ዘለዉ ስርሓት ከትሪ፡ ዛላ ብእምኒ፡ ዛላ ብሓመድን ቅናታዊ ዛላን እዮም።

ናይዚ ዓመት ውጥንና፡ ብመንጽር ትግባረ ክርአ እንከሎ፡ ዘበዝሐ ስራሕ ኣሰላሲልናዮ ኣለና። ዞባ ጋሽ-ባርካ ናይ ሕርሻን መግሃጺን ዝሰፍሐ መሬት ዘውንን ዞባ እዩ። ዘበዝሓ ጥሪት ሃገርና ኣብዚ ዞባ ይርከባ፡ ብርክት ዝበለ እቶት ኣእካል፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ድማ ተፍሪ። በዚ መሰረት ዞባ ጋሽ-ባርካ ብብቑልን ጥሪትን ሃብታም እያ። እዚ ጸጋ ውሑስን ቀጻልን ክኸውን፡ ካብ ሕርሻን ጥሪትን ዝርከብ እቶትን እቶታውነትን ከምኡ'ውን ምህርቲ ልምዓት መግቢ እንስሳታት ብዝለዓለ ክዓቢ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምምሕያሽ ፍርያምነት ሓመድን ብትኹረት ክስርሓሉ ግድነት እዩ።
በቲ ኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ማይ ኵዖታት ዲጋታትን ራህያታትን እንተ ዘይተፈዊሶም፡ ጎቦታት ንፍግረ መሬት ይቃልዑ ከርሲ ዲጋታትን ራህያታትን ብድቡት ይድፈኑ፡ ዝድለ መጠን ማይ ከዋህልሉ ኣይክእሉን፡ እንስሳታት ድማ ሕጽረት ማይ የጋጥሞም፡ ክንዲ ዝኾነ ማይ ኵዖታት ክንፍውስ ንግደድ። ኩሎም ዝካየዱ ስራሓት እቶትን እቶታውነትን ብቑልን እንስሳታትን ውጽኢቶምን ኣብ ምዕባይ ዘድሃበ ጥራይ ዘይኮነ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብዓይኒ ስነ-ማሕድሮ (Ecology)፡ ዕቃበ ኣከባቢ (Environmental conservation) ከምኡ'ውን ምምካት ምድረ-በዳነት ጠሚትና እነካይዶም ፍወሳን ክንክንን ባህርያውያን ሃብቲ፡ ቀንዲ ኣካል ዕማማትና እዮም።።

*** ኣብ ምምሕያሽ ፍርያምነት ሓመድ ዝተሰርሐ ስራሕ ከመይ ይመስል?**

ምስ ምዕቃብ ሓመድ ተዛሚዱ ዝኸይድ፡ ምምሕያሽ ትሕዝቶ ፍርያምነት ሓመድ እዩ። ሓረስቶት ባህርያዊ ድዅዒ ከዘውትሩ ቀጻሊ ጎስጓሳት ንገብር ኢና። ምስዚ ዝተሓሓዘ ካብ 2019 ዓ/ም ጀሚርና ጸቒጥና ንሰርሓሉ ዘለና ምድላው ባህርያዊ ድዅዒ ኮምፖስት እዩ። ብስነ-ፍልጠታዊ መገዲ ዝዳሎ ባህርያዊ ድዅዒ ኰይኑ፡ ምስ መስርሕ ምምሽማሽ ዘይወድአ ተራ ድዅዒ ክነጻጽር ከሎ፡ ኮምፖስት ትሕዝቶ ሓመድ የህብትም፡ ቅርጽን ጥዕናን ሓመድ ይሕሉ፡ ሓመድ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሙ የመሓይሽ፡ ባልዓት ተኽሊ የጉድልን ንምብቋል ጻህያይ ዕድል ኣይህብን።

ምስ'ዚ ዝተሓሓዘ ባህርያዊ ፈሳሲ ድዅዒ ውጽኢት ዓሳን ጻህያይ ባሕርን ዝተባህለ ባህርያዊ ድዅዒ ንሓረስቶት ብግብርን ክልሰ-ሓሳብን ብምምሃር፡ ኣብ ግራት ሓረስቶት ብምፍታንን ረብሓታቱ ብምርግጋጽን ከነተኣታትዎ ክኢልና ኣለና።

ባህርያዊ ድዅዒ ተጠቃምነቱ ኣብ ኣልማዕቲ ሓረስቶት ንምዕባይ፡ ባህርያዊ ፈሳሲ ድዅዒ ናይ ጻህያይ ባሕርን ዓሳን ብሰፊሑ ንምትእትታው 29 ሽሕ ሊትሮ ናብ ሓረስቶት ከምኡ'ውን ናብ ሕርሻ መዓስከር ሳዋ ብናጻ ተዓዲሉ። ኣብዚ እዋን'ውን 20 ሽሕ ሊትሮ ንዕድል ኣለና። ኣብ እቶት ብፍላይ ድማ ኣብ ኣሕምልቲ ዝምስገን ውጽኢት ተረኺብዎ ይርከብ።

ብተወሳኺ ምስ ሕርሻ መዓስከር ሳዋ ውሁድ ዝምድና ኣብ ምፍጣር ንርከብ። ብፍላይ ኣብዚ ዓመት'ዚ ብዛዕባ ምድላው ኮምፖስት ካብ ዘቤታዊ ጎሓፍ ዝምልከት ክልሰ ሓሳባውን ግብራውን ስልጠና ን344 ኣባላት ሕርሻ መዓስከር ሳዋ ሂብና ኣለና። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ምፍራይ ኮምፖስት ካብ ዘቤታዊ ጎሓፍ ብዝተወደበ ኣገባብ ብተገዳስነት ከም ዓቢ መደብ ሒዞም ብብዝሒ ከፍርዩ ኣብ ምድላዋት ይርከቡ።

ምምሕያሽ ፍርያምነት ሓመድ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ይፍጸም። ኣብዚ እዋን ነተኣታትዎ ዘለና ብዘቤታዊ ጎሓፍ ዝዳሎ ኮምፖስት ተጠቒምና ትሕዝቶ ሓመድ ምህብታም ከም ዝከኣል ኣብ ሓረስቶትን ኣብ ሕርሻ ዝነጥፉ ትካላትን ወሪድና ንጉስጉሶም ብግብሪ ይሰርሓሉ ከም ዘለዉ ክጠቅስ እደሊ።

*** ኣብ መዳይ ልምዓት መስኖ ዝተሳላሰለ ንጥፈታት'ከ እንታይ ኣሎ?**

ዞባና ብመስኖ ዝለምዕ ሰፊሕ መሬት ይርከቦ። ብኣድማዕነት ክንጥቀመሉ ድማ የድሊ። ካብዚ 1850 ሓረስቶት ብገምጋም ኣስታት 12,000 ሄክታር ስፍሓት መሬት ይውንኑ። ሓረስቶት ዝጥቀሙሉ ዓይነት መስኖ ከፋት ካናል ኮይኑ ብነግሒን (furrow irrigation), መደባዊ ወይ ጋብላዊ (basin irrigation) ኢዩ። ነዚ ንምልማዕ ኣስታት 2400 ዒላታት ኣለዋ። ብኸንቱ ማይ ንምጉዳል ኣልማዕቲ ኣብ ክንዲ ናይ ሓመድ ካናል ምጥቃም፡ ብዝተኻእለ መጠን ብስሚንቶ ዝተሰርሐ ወይ ቱቦታት/ካርቱሽ ክጥቀሙ ኣገዳሲ እዩ።

ማይ ምዕቃብን ማይ ምቑጣብን ተመላሊኦም ዝኸዱ መስርሓት እዮም። ብወገን ሓረስቶትና ዝጥቀምሉ መስኖኣዊ ኣገባብ ብዙሕ ማይ ዘባኽን እዩ። ነዚ ጸገም ንምፍዋስ መጽናዕቲ ሃልኪ ማይ (irrigation water application efficiency) ኣበጊስና ኣለና። ሃልኪ ተጠቃምነትን ብኽነትን ብጭቡጥ ብምፍላጥ፡ ኣባኻኒ ልምዲ ኣጠቓቕማ ማይ ንቐጻሊ መፍትሒ ንምንዳይ ዝዓለመ እዩ። ቀጺልካ'ውን ምዕቡልን ብልሓታውን ኣገባብ መስኖ ንምትእትታው ዝሓለነ መደባት ብምውጻእ ኣብ ባይታ ንምትግባሩ ክጽዓር እዩ። ኣብዚ ክጠቕሶ ዝደሊ፡ ሓረስቶት ኣብ ኩሉ መዳያዊ መስኖኣዊ ንጥፈታት ኣብ ቀረብኦም ምስ ዝርከቡ ዝምልከቶም ሞያውያን፡ ምኽርን ቴክኒካዊ ደገፍን ክሓቱ ይግባእ።

እምብኣር ብወገንና እነካይዶም ዘለና ጻዕርታት፡ኣብ ልምዓት መስኖ ዘጋጥሙ ዝተፈላለዩ ሕጽረታትን ጸገማትን በብእዋኑ ንምፍታሕ፡ ኣውራ ድማ ማይ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ቀጠልያ መግቢ እንስሳን ዘለዎ ኣድላይነት ቀዳምነት ካብ ዝሰርዑ ብምኳኑ፡ ዕለታዊ ዘጋጥሙ ሃልኪ ማይ ብመንጽር ኣድማዕነት (ደረጃ ውሕሉል ኣጠቓቕማ ማይ) ብምግምጋም፡ ብኽነት ማይ ዘወግድ፡ ምሕደራ ውሕሉል ኣጠቓቕማ ሃልኪ ማይ ኣብ ሓረስቶትና ብዕቱብ ከም ዝተኣታቶ ንምግባር እዩ። ንሓረስቶት ተደጋጋሚ ኣስተምህሮታት ብምሃብ ባህሊ ምዕቃብን ምቑጣብን ማይ ኣብ ሓረስቶትና ንምስራጹ፡ ኣብ ቀጻሊ'ውን ብዝሓየለ ክንሰርሓሉ ኢና።

*** ንምዕቃብ ሓመድን ማይን ልምዓት መስኖን ብዝምልከት ንኻላት ንምዕባይ ዝተገብረ ንጥፈታት ኣሎዶ?**

ኩሎም ንጥፈታትና ኣድማዕነት ክህልዎም ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ንኽኢላታት ፍልጠቶም ዘበርኽ ስልጠና ንህብ ኣለና። ክኢላታት ብወገኖም ዝቐሰምዎ ፍልጠት ናብ ሓረቶት የመሓላልፉ ኣለዉ።ምስዚ ብዝትኣሳሰር ክኢላታትና ንሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ከምኡ'ውን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ስልጠናታት ሂቦም ኣለዉ።

እቶም ዝተዋህቡ ስልጠናታት ብዛዕባ ውሁድ ምሕደራ ማይ ኵዖን ኣገዳስነት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ዕቃበ ኣከባብን ኣሉታዊ ጽልዋ ፍግረ መሬትን ኣፈታትሕኡን፡ ምጥቃም ባህርያዊ ዱኽዒ (manure)፡ መስርሕ ምድላው ኮምፖስት ካብ ተረፍ ምህርቲ ሕርሻን ቀልቀል እንስሳታትን ዘቤታዊ ጎሓፍን፡ ምድላው መቀላጠፊ ባእታ ንምድላው ኮምፖስት፡ ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ፈሳሲ ድዅዒ ጻህያይ ባሕርን ዓሳን ኣገዳስነቱን፡ ምሕደራ


ኢንጅነር ዳንኤል ፍረዝጊ

ኣጠቓቕማ ማይ ኣብ መስኖኣዊ ልምዓት ዝኣመሰሉ ክንጠቅስ ንኽእል። ንመጻኢ'ውን ሰፋሕቲ ኣስተምህሮታት ንምሃብ መደባት ሒዝና ኣለና።

*** ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ምዕባይ እቶት ብቑልን መግቢ እንስሳን ዘምጽኦ ለውጢ ከመይ ይግምገም?**

ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ እቶታውነት ዘምጽኦ ለውጢ ንምርኣይ ገምጋማት ኣካይድና ኢና። ኣብ እቶታውነት ምህርትን ተረፍ ምህርትን ዞባና ርኡይ ምምሕያሽ ከም ዝገብር ኣርእዩ። ብዘካየድናዮ መጽናዕቲ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዝተገብረሉን ዘይተገብረሉን ብምንጽጻር፡ ኣብ ምህርቲ ብማእከላይ ገምጋም 85 ሚእታዊት ኣብ ተረፍ ምህርቲ 77 ሚእታዊት ወሰኽ ኣርእዩ። ፍወሳ መሬትን ምዕቃብ ማይን፡ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ዘህብትም ስለ ዝኾነ፡ ኣብ እቶት ጀራዲን ዝነኣድ ውጽኢት ይርከቦ ኣሎ። ከምኡ'ውን ሳላ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ካብ መግሃጪን ለሰታትን ዝርከብ እቶት ሳዕርን ቆጽለ-መጽልን (Biomass) ይዓቢ ብምህላዉ ኣተባባዒ እዩ። በዚ ምኽንያት ብዝግበረሉ ፍወሳ፡ ብሳዕሪ ዝሽፈነሉ ምዕባለታት ይርኣይ ኣሎ።

*** ኣብ መወዳእታ ከተመሓላልፎ ትደሊ ለበዋ እንተ'ሎ?**

ወፍሪ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታ (ግራት ሓረስቶት)፡ ኣብ መግሃጺ፡ ማይ ኵዖታትን ገማግም ሩባታትን ኣድላይነቱን ኣገዳስነቱን ክጥቀስ ጸኒሑ። ኵሉ ዝግበር ንጥፈታት ምፍዋስ መሬትን ምህብታም ፍርያምነት ሓመድን ምስ ኩሉ ረብሓታቱ፡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዕላምኡ ንምውሓስን ምርግጋጽን መግቢ ደቂ-ሰባትን እንስሳታትን እዩ። ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከየካየድካ ዝርከብ ኣዕጋቢ ውጽኢት የለን። ስለዝኾነ ብልዑል ውዳቤን ምውህሃድን ብሓባር ክንሰርሕ፡ ሓረስቶትና ድማ ምስ ክኢላታት እናተማኸሩ መሬቶም ዘህብትሙሉን ምህርቶም ዘዕብዩሉን ጻዕርን ብልሓትን ክሐይሉ እላቦ።

*** የቐንየልና ኢንጅነር ዳንኤል**

***



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ. ቴሌፎን 182225/07182662/ 07193674 - ቁ.ሳ.ፖ 1048



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

### መበል ዓሰርተ ትሸዓተ ክፋል

እቲ በዓል መኪና ጉዕዞኡ ቀጺሉ፡ ብሰላም ድማ ንጽርግያ መስተርሆት ዛዘሞ።

ኣመሓደርቲ ንዳግማይ መጽናዕቲ ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ በጺሖም ክምለሱ ተሰማሚዖ። ሰሜናዊ ጫፍ በጺሖም ዝኾነ ነገር ከይረኸቡ ናብ ደቡባዊ ጫፍ ክምለሱ ጉዕዞኦም ፈለሙ። ንህቢይ ዳዉ ኣብ ጽርግያ ረኺቦም፡ ዝብላዕ ከይሃብዎ ሓለፉ።

እንደገና ካብ ደቡባዊ ጫፍ ናብ ሰሜናዊ ጫፍ ክምለሱ ጀመሩ። ከም ትዕዝቡቶም ኑቲ ሓደ ህቢይ መግቢ ክሁብዎ ተሰማሚዖም ስለዝነበሩ፡ ንህቢይ ዳዉ ምስ ረኺብዎ ዝብላዕ ቅጫ ሰንደውሉ።

ህቢይ ዳዉ ከም ቀደሙ ብሓጉስ ቅጫኡ በልዐ። እዞም መግቢ ዝሃብዎ፡ ደጋጊሞም ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ምምልላሶም ግን ኣሕሰቦ።

ኣመሓደርቲ፡ ቀስ እናበሉ ጉዕዞኦም ቀጺሉ። ከም ትጽቢቶም ጽርግያ ተዓጽዩ ጸንሖም።

ካብ መኪና ወሪዶም ከባቢኦም ፈተሹ። ፋሕ ኢሎም ናብ ከባቢኦም ዝርከብ ኾቦታት ሓኾሩ። ኑቶም ሰለስተ ኣህባይ ኣብ ከውሊ ኾቦ ተሓቢኦም ክሕልውዎም ተዓዘቡ። ተፍትሾም ዛዚሞም ከኣብ ፋሕ ዝበልዎ ኣብ ጽርግያ ተራኸቡ።

"ካብ'ዚ ንላዕሊ ክንዕሾ ዘለና ኮይኑ ኣይስመዓንን። ኣህባይ ዓዲ ምሃብ 'መግብኹም ኣይንደልን!' ዝብሉ ዘለዉ ኮይኖም ይሰምዑኒ ኣለዉ። ዘገርም ነገር እዩ! ካብ'ዚ ንላዕሊ ንጹር መልእኽቲ የለን። ክገርድኦም እንተኽኢልና ልቦና እዩ። ስለዚ ክቡራን ኣመሓደርቲ ክንገብሮ ዘለና ንገበር፡" ሓደ ካብቶም ኣመሓደርቲ ተገሪሙ ተዛረበ።

"እታ መልእኽቲ ልክዕ ንሳ እያ። 'ብጻዕርና ክንነብር ግደፉና፡' ይብሉ ኣለዉ ኣህባይ ዓዲ ምሃብ፡ ንሕና'ውን ኣየገናዝበናን እምበር ካብዞም

## ጽውጽዋይ

## ብጻዕርኻ ምንባር...

ኣማኢት ኣህባይ ስለምንታይ ሓደ ጥራይ ተሪፉ ክንሓስብ ነይሩና? ዘገርም ነገር እዩ። ስለዚ፡ እንታይ እንተገበርና ይሓይሽ?" ሓደ ካልእ ካብቶም ኣመሓደርቲ ርእይቶኡ ሃበ።

"እቲ መልእኽቲ ንሱ እዩ። 'ግደፉና ብጻዕርና ክነብልዕ'። ብጻዕርኻ ምንባር እቲ ዝበለጸ መምርሒ ናይ ህይወት እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ክልተ ጫፍ ንኣህባይ መግቢ ምሃብ ሓደጋ ከምዝፈጥር ምጽሓፍ ኣገዳሲ



ኮይኑ ይስመዓኒ። ተወሳኺ ሃንዳድና ሃንቀውቲ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣብ ክልተ ጫፍ ምልክት ንግበረሉ፡" ሓደ ካብ'ቶም ኣመሓደርቲ ርእይቶኡ ኣስዓበ።

ኣመሓደርቲ ብዘቕረብዎ ሓሳባት ተሰማምዑ። ተሓጋጊዞም ኑቲ ኣእማን ካብ ጽርግያ ኣለይዎ። መኪና ተሳፊሮም እናተመያየጡ ጉዕዞኦም ፈለሙ። ኣብ መውዳእታ ብቶጸራ ተፈላለዩ።

እቶም ሰለስተ ኣህባይ እዞም ሸውዓተ ሰባት ከምዝረኣይዎም ኣረጋገጹ። ክርእይዎም ምኽኣሎምኳ እንተኣጕሃዩዎም ዝጉብርዎ ስለዝይነብሮም ሸለል ክብሉ ከምዝለዎም ተዘራረቡ። ናይዞም ሸውዓተ ሰባት ምትእኽኻብ ንመጽናዕቲ ከምዝኾነ ገመቱ። መጽናዕቶም ገለ ፍታሕ ከምጽእ እናተተስፈዉ ኣብ ከውሊ ቦታ ኮይኖም ይዕዘብዎም ነበሩ። ብዝሰርሕዎ ዕዮ ዓገቡ። ዕላምኦም ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከምዝሃርሙ በርሃሎም።

ጸሓይ ብምዕራባዊ ሸነኽ ሃተፈት። መሬት ዓይኒ ሓዘ።

ህቢይ ዳዉ፡ ከም ቀደሙ መሬት ዓይኒ ክሕዝ ምስ ጀመረ ተሓቢኡ ናብ ዓዱ ተመልሰ።

እቶም ዓሰርተ ኣጋብዝ ኣህባይ ምስ ሓሊቓ ታኒቶ ተራኺቦም ስርሖም ገምገሙ። ዝሓሸ ስራሕ ከምዝሰርሑ ድማ ተረዳድኡ። ናይቶም ሸውዓተ ኣመሓደርቲ ዝያዳ ኣቓልቦኦም ሰሓበ። ናይ ሎሚ ትዕዝብቶም ናብ ዓወት ከምዝቀረበ ተተስፈዉ። ከም ቀደሞም ፋሕ ኢሎም ናብ ዓዶም ተመልሱ።

ህቢይ ዳዉ፡ ጽርግያ መስተርሆት በይኑ ስለዝበሓቶ ሕጉስ ነበረ። ወለዱ ኣተኻ ወጸኢካ ዘይምባሎም ሩፍታ ፈጠረሉ።

ኣህባይ ደቂ ዓዲ ምሃብ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ምኻድ ካብ ዝገደፍዎ ህይወቶም ሰሩዕን ሕጉስ ኮነ። ከም ህቢይ ምንባርዎም ኣመና ኣሐጎሶም።

ህቢይ ዳዉ፡ ንብይኑ ናይ ሰራቒ ህይወት የሕልፍ ስለዝነበረ ምስ ደቂ ዓዱ ክሳኸ ኣይከኣለን። ኣብ ዕላል ይኹን ጸወታ ክጽንበሮም ተሸቑረረ። ኩሎም ኣህባይ ብዛዕባ ጽርግያ መስተርሆት ዝዛረብዎ ይመስሎ ነበረ። ናይ ባሕታዊ ህይወት ይመርሕ ነበረ። ናብ ጽርግያ መስተርሆት ምኻድ ክገድፎ ይሓስብ፡ እንተኾነ ግን ኣበየ። እናተሸቑረረ ክቅጽል ምስ ኑቡሱ ተረዳድአ።

ብኸምዚ፡ ህቢይ ዳዉ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ምምልላሱ ቀጸለ። ካብቶም ኣመሓደርቲ ዝሓለፍሉ ግዜ ኣብ ሳልሳይ መዓልቱ ካብ ሓደ ሰብ መግቢ ከይተቐበለ ወዓለ። ብሕርቃን ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ኣንጸርጸረ።

እቶም ክልተ ሓለውቲ ኣህባይ ብኾንታቱ እናተገረሙ ይዕዘብዎ ነበሩ። ንሳቶም'ውን ምሉእ መዓልቲ መልእኽቲ ከየመሓላለፉ ወዓሉ። እዞም ሓለውቲ'ውን በዛ መዓልቲ ተገረሙ።

ህቢይ ዳዉ ብጥሜት ክመውት ደለየ። ናብቲ ኣብ ጥቓኡ ዝርከብ ጣሻ ከይዱ ናይ ተፈጥሮ መግቡ በሊዑ ተመልሰ። ተስፋ ከይቁረጸ ትጽቢቱ ቀጸለ። እንተኾነ መግቢ ክረክብ ኣይከኣለን። መሬት እናመሰየ ምስ ከደ ተስፋኡ መሊሱ ቀሃመ። ብሕርቃን ካብቲ ኣብ ከባቢኡ ዝነበረ ኣእማን ናብ ጽርግያ ክድርቢ ጀመረ።

እቶም ክልተ ሓለውቲ ብሓጉስ ተመሊኦም ኩሉ ተግባራት ህቢይ ዳዉ ተኸታተልዎ። ከምዚ ኢሉ ዓቕሉ ምጽባቡ ባህታ ፈጢረሎም። ከምዚ እንተቐጺሉ ህቢይ ዳዉ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ዝምለስ ኣይመሰሎምን።

መሬት ዓይኒ ሓዘ። ይቕጽል

---



ፍቱዋት ደቀይ ከመይ ቀኒኹም? እዋን መርመራ ኣትዩ ኣብ ብርቱዕ ስራሕ ኢኹም ቀኒኹም። እቶም ብግቡእ ግዜኹም ዝተጠቐምኩምሉ እኳ ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ጽቡቕ ከምዝሰራሕኩም ኣየጠራጥርን። እንተ እቶም ግዜኹም ብግቡእ ዘይተጠቐምኩምሉ ግን፡ ኣብ መርመራ ተሸጊርኩም ትኾኑ ኢኹም።

ደቀይ ብሩኻት፡ ኣብ ህይወት ኩሉ ግዜ እቲ ሰራሕካዮ፡ ዝጸዓርካዮ ኢኻ እትረክብ። ድቕስ ውዒልካ፡ ኣብ ጸወታ ሓጊኻ ትምህርቲ ክትዕወት ፈጺሙ ኣይከኣልን እዩ። እቶም ድቃስ ዘይብሎም፡ ብመደብ ዝጉዓዙ ድማ - ኣብ ትምህርቶም ዕዉታት ከምዝኾኑ ፍሉጥ ነገር እዩ።

በሉ፡ ናይ ወዲ ጓሊይ ጉዳይ ወስ ኩብለልኩም። ወዲ ጓሊይ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ጽቡቕ ውጽኢት ስለዝረኸበ 3ይ ተርታ ወጺኡ ነይሩ። ኩሉ ስድራ ከኣ ኣመና ተሓጉሱ። ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር ንኽዕወት ዝያዳ ከጽንዕን ግዜኡ ግቡእ ክጥቀመሉን ወትሩ ንመኽሮ ነበርና።

ወዲ ጓሊይ ግን፡ ኣይ ከም ናይ ቀዳማይ ሰሚስተርን፡ ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር ጸወታ በዚሑ። ግዚኡ ብግቡእ ክጥቀመሉ ኣብ እንመኽረሉ ግዜ ድማ፡ "ድሓን እዩ፣ እቲ ትምህርቲ ይርደኣኒ ኣሎ።" እናበለ ሸለል ኩቡል ጀሚሩ።

## ደብዳቤ ካብ ኣቦሓጎይ

### ተገምጢለ

መርመራ ተወዲኡ ናይ ካልኣይ ሰሚስተር ውጽኢት ክንገሩ ጀመሩ። ወዲ ጓሊይ ኣብ'ዛ ናይ ምንጋር ግዜ ክርበሽ ጀሚሩ።

እቲ ውጽኢት መርመራኡ ጽቡቕ እኳ እንተኾነ፡ ጌጋታት ግን ነይርዎ። ብፍርሒ ናይ ኩሎም ደቂ ክፍሉ ነጥቢ ክምርምር ጀሚሩ። መመለሲ ድማ ተረቢሹ።

መማህራን ነጥብታት ደማሚሮም ኣብ'ዚ ናይ ካልኣይ ሰሚስተር ብልጫ ዝወሰዱ ተመሃሮ ኣብ ናይ ምልክታ ሰሌዳ ጠቐዑ።

ወዲ ጓሊይ ነዚ ምስ ሰምዐ እናጉየየ ናብ ቤት ትምህርቱ ከደ። ብጉሁይ መንፈስ ናብ ገዝኡ ተመልሰ።

ገጹ ተጸዊጉ ምስ ርኣናዮ እንታይ ከም ዝኾነ ሓተትናዮ።

ወዲ ጓሊይ፡ "ተገምጢለ!" ሓጺር መልሲ ሃበና።

"እንታይ እዩ ተገምጢለ ማለት?" ጓሊይ ብስንባደ ሓተተት።

"ኣብ ትምህርቲ ተገምጢለ፡" ንብዓት ክሰዕሮ እናደለየ ተዛረበ።

"ዋይ'ዚ ወደይ እንታይ ኬንካ ድኣ ተገምጢልካ?" ኣነ'ውን ብግዴይ ሓተትኩዎ።

"እንድዒ ተገምጢለ፡" ወዲ ጓሊይ መሬት መሬት እናጠመተ ተዛረበ።

"ኣየ ናህም ወደይ፡ ክትግምጠል ኢኻ እምበር እንታይ ድኣ ደሊኻ? ዓመት ምሉእዶ ተጠንቀቕ ንብለካ ኣይነበርናን. . . ኣበይ'ሞ ሰሚዕካና፡" ጓሊይ ተዛረበት።

"እወ፡" ናህም ወደይ ብሕፍረት መለሰ።

"በል'ዚ ወደይ ከምዚ ከይትኸውን ኢና ክሳብ ጕረሮና ዝኸቅዕ ተዛራብና። እዚ ድማ ዋጋ ናይ ሸለልትነትካ እዩ። ዋጋ ትኸፍለሉ ኣለኻ። እንተተጸንዕ ግዜኻ ብግቡእ እንተተመሓድር ከም'ዚ ኣይምኾንካን። ስለ'ዚ ዋጋኻ እዩ። ዋጋ ሸለልትነትካ ሕጂ ጓሂ ዋጋ የብሉን ተቐበሎ፡" ጓሊይ ብሕርቃን ተዛረበት።

ወዲ ጓሊይ ነዛ ንኽርእየና ሓፈረ። ርእሱ ኣድኒኑ ጥራይ ይሰምዓና ነበረ።

"ናህም ወደይ፡ ወዲ ሰብ ፍረ ጻዕሩ እዩ ዝሓፍስ። ንስኻ ድማ ኣብዛ ካልኣይ ሰሚስተር ተዛኒኻ። እቶም ትሕቴኻ ዝነበሩ ድማ ድቃስ ስኢኖም ቀንዮም። ኣብ መውዳእታ፡ እዚ እትርእዮ ዘለኻ እዩ። ሕጂ ኩራ ትርጉም የብሉን። ኩሉ ግዜ ኣብ ግዜኡ ክትገብሮ ነይሩካ። ጌጋኻ ተረዲኡካዶ?" ተዛረብኩዎ - ኣነ'ውን ወዲ ጓሊይ ብልጫ ዝይምውሳዱ እናኣጕሃየኒ።

"እወ ተረዲኡኒ። ኣብ'ዚ ካልኣይ ሰሚስተር ሸለልትነት ኣብዚሐ ነይረ።" ወዲ ጓሊይ ጌጋኡ ነገረ።

"ስለ'ዚ ብልጫ እናወሰድካ ከጣቕዑልና ዝነበርም፡ ብኣንጻሩ ሕጂ ንስኻ ኑቶም ብልጫ ዝወሰዱ ከተጣቕዓሎም ኢኻ። ከም'ዚ ከምዝመጽእ ገሚተ ነይረ እየ። ጌጋኻ ተመሃረሉ። ዝበዝሐ ናይ ትምህርቲ ህይወትካ ብሕጂ ስለዝኾነ፡ ካብ ጌጋኻ ተመሃር!" ጓሊይ መዓደት።

"ተረዲኡኒ ኣሎ ማማ ድሕሪ ሕጂ ክጥንቀቕ እየ፡" ወዲ ጓሊይ ካብ ጌጋኡ ዝተማህረ ይመስል።

"እወ፡ እዚ ወደይ "ክንብል በለ እምበር ኣይተኻዕወን" - ኣብ ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ግዜኻ ተጠንቀቕ፡ ኣዚኻ ንፉዕ እንክለካ ብሰንኪ ሸለልትነት ካብ ብልጫ በኺርካ ኣለኻ፡" ኣነ'ውን ርእይቶይ ሃብኩ።

"ተረዲኢኑ ኣቦሓጎይ ካብ'ዛ ብልጫ ምትራፈይ ኣዝዩ ተጣዒሰ ኣለኹ። እንተኾነ ካብ'ዛ ዝገበርኩዋ ጌጋ ተማሂረ እየ። ኣይትሓዙለይ ኣጕህየኩም፡" ወዲ ጓሊይ ይቕረታ ሓተተ።

ብኸምዚ ተረዳዲእና ካብ ጌጋኡ ክመሃር ከምዝለዎ ገበርና።

ፍቱዋት ደቀይ፡ ንስኻትኩም እውን ከምዚ ናይ ናህም ወደይ ከጋጥመኩም ስለዝኽእል፣ በቲ ዘጓነፈ ከይተደሃልኩም ኣብ ዝመጽእ ግዜ ክትሕይሉ ንላቦ። ሸለልትነት ካብ ዓቢ ቁም ነገር ስለዘትርፍ፡ ኩሉ ግዜ ጥንቁቓት ኩኑ።

**ሰናይ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ይግበረልኩም!!**

### መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዓ | ለ | ም | ዘ | ል | ሕ | | ዓ | | ፈ | | |
| | | ሰ | ይ | | ል | | መ | | ሰ | | |
| | | ራ | ል | | ም | ኣ | መ | ተ | ሰ | ለ | መ |
| በ | ራ | ሕ | ክ | | ል | ጸ | | ረ | | | ስ |
| ር | | | ዕ | | ም | ና | | ዳ | | | ዋ |
| በ | | | ነ | | በ | ን | | ድ | | | እ |
| ረ | በ | ሸ | ት | እ | ለ | ዐ | | ኣ | | | ቲ |

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

# ጥበባት 21 ዘመን

**2ይን መወዳእታን ክፋል**

ኣብ ቀዳማይ ዘመን ተወሊድና እንተ ንነብር እንታይ ዓይነት ናብራን ስራሕን ምነበረና? ኣብ ዓስራይ ዘመን እንተ ንፍጠር ከ? ኣብ 18 ዘመን እንተ ንነብር ካብ ዝቐደሙ እንታይ ፍሉይነት ምሃለዎ? ሰባት ኣብ ከበቢኦም ዝርከብ መሳርሒታት ተጠቒሞም ብጥበብ ክነብሩ ካብ ዝጅምሩ ዝተፈላለየ መሳርሒታት ምሂዞም እዮም። ካብ እምኒ ዝተወቕረ መሳርሒ፡ ሓዊ፡ ክዳንን መጽለልን፡ ናይ ሓጺን መሳርሒ፡ ናይ መጓዓዝያ ተሽከርከርቲ፡ መስመራት ማይን ካልእን ክጥቀሱ ይኽእሉ። 18 ዘመን ግን ብፍሉይ፡ ምስ ምጅማር ኢንዱስቱርያዊ ሰውራ፡ ዘመነ ዓበይቲ ተክኖሎጂኣዊ ዳህሳሳት ከም ዝበረት ታሪኽ ይገልጽ። ምስ ለውጥታት ማሕበረ-ቊጠባዊ ኩነታትን ቅዲ ኣነባብራ ሕብረተሰብን ንምንባር ዘድልዮም ጥበባት ክቐየሩ ጀመሩ። ኣብዚ ዘለናዮ 21 ዘመን ዝተራቐቐ ተክኖሎጂ፡ ኦልትራሶውንድ፡ ምርመራ ጀነቲክስ ቅድመ-ወሊድን ምህንድሳና ጀነቲክስን ኣብ ስራሕ ይርከብ። እዚ ተበጺሑ ዘሎ 'ምዕባለ' ኣብ ዲሞግራፍያውን ጀነቲካውን መልክዓት ሰብ ለውጥታት ከምጽእ ከም ዝኽእል ይእመን። ካብ 2003፡ ምስ ምጅማር ማሕበራዊ ሜድያ፡ ካብቲ ብቕድሚኡ ንረኽቦን ንለዋወጦን ዝነበራና ሓበሬታ ብኻዕቦታት ልዒሉ። ነዚ ለውጥታት ክነውሃሃድ እንተ ኾንና ፍሉያት ጥበባት ክነጥሪ ኣገዳሲ ይገብሮ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ርኢና ኔርና። ኣርባዕተ ካብተን ዓሰርተ ኽልተ ጥበባት 21 ዘመን ዘርዚርና ኔርና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ኸኣ እተን ዝተረፋ ይስዕባ፤

5. ምጥፉእ መሃይምነት ኣብ ሓበሬታ

(Information literacy)

ምጥፉእ መሃይምነት ዝብል ሓረግ ክንሰምዕ ከለና፡ ምስ ምንባብን ቊጽሪ ምቝጻርን ነተኣሳስሮ ንኸውን። ኣብዚ 21 ዘመን ግን "ምጥፉእ መሃይምነት" ምስ ሓበሬታ፡ መራኸቢ ብዙሃንን ተክኖሎጂን ተጐዝጒዙ ንረኽቦ። መምስ እዋኑ፡ ኩነታት ዝፈጠሮም ፍልይ ዝበለ ብድሆታት ከም ዘሎ ርዱእ እዩ። ናይዚ ዘመን ተላባዒ ሕማም ኮይኑ ዝርከብ እምበኣር ምስ ምዝባዕ ሓበሬታ፡ ምዝርጋሕ ናይ ሓሶት ዜናን ምድህላልን ዝተኣሳሰር እዩ። እዚ መዋእል፡ ብብዝሒ ሓበሬታ ዝልለ ደኣ ይኹን እምበር፡ ሓቂ ክትረኽባስ ኣመና ኣሸጋሪ እዩ። ስለዚ፡ ሓቅነት ናይ ንረኽቦም ሓበሬታ ንምፍላጥን ነቲ ተላባዒ ሕማም ንምክልኻልን፡ ሓበሬታ ብኸመይ ንረክብ? እንታይ መወከሲታት ኣለና? ሓበሬታ ብኸመይ ንትንትን? ኣገድስነት ምውሓስ ሓበሬታን ካልእ ዕሙቕ ዝበሉ ጉዳያትን ምፍላጥ የድሊ። ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ፡ ሓበሬታ ክሸየጥ፡ ክልወጥ፡ ከም መዐቀኒ ሓይሊ ክውሰድ፡ ከም መፈራርሒ ክኸውን... ንርእዮ ኣለና። ተመራማራይ ዳርዊን ዝሓየለ ከም ዝሰርር እዩ ዝነግር፣ ኣብዚ ዘመንና ሓበሬታ ዘለዎ ዝሓየለ ስለዝኾነ፡ ክሰርርን ክመርሕን ንርእዮ ኣለና። ሓደ ካብቲ ኣብ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ኣቲና ንቐስሞ ብዙሕ ትምህርታትን ጥብባትን፡ 'ዓውደ-መጽናዕቲ ብኸመይ ነካይድ' እዩ። እዚ ማለት ብኸመይ ሓበሬታ ንእክብን ነመስርሕን እዩ። ብተወሳኺ፡ ቅርጺ ዝበዝሓ ትካላትና ምስ እንርኢ፡ ምርምርን ስነዳን ወይ መጽናዕትን ስነዳን ዝብል ናይ ሓበሬታ ክፋል ንረክብ፣ ብዘይ ሓበሬታ ክንበጽሖ ንኽእል ደረጃ ስለዘየለ።

6. ምጥፉእ መሃይምነት ኣብ መራኸቢ ብዙሃን

(Media literacy)

ሓይሊ ሓበሬታ፡ ኣብ ትሕዝቶ ጥራይ ተደሪቱ ኣይተርፍን እዩ። ዝያዳ እኳ ደኣ እቲ ብመራኸቢ ብዙሃን ዝግበር ምድግጋም ወይ ብኣንጻሩ ሸፈነ ዘይምሃብ፡ ንሓበሬታ ሓይሊ ክህቦን ክኸልኦን ይኽእል። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ደረጃኡ ይፈላለ እምበር፡ ብራድዮ፡ ተለቪዥን፡ ሳተላይት ድሽን ኢንተርነትን ኣቢሉ ሓበሬታ ዘይምእርር ሰብ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። እዘን ናይ መራኸቢ ብዙሃን መስመራት ከኣ ሓበሬታ ብዝእክባ፡ ዝትንትናን ዝዝርግሓን ትካላት ዝተመልአ እዩ። ስለዚ ንሕና ከኣ ሓበሬታ ክንእክብ ጥራይ ዘይኮነ፡ እተን ሓበሬታ ዝዝርግሓ ዘለዋ ትካላት ዘለወን ጽልዋን ዕላማን ምፍላጥ የድልየና። ኣብ ዝተፈላለየ መወከሲታት፡ ብዛዕባ ሓደ ዛዕባ ዝተፈላለየ ሓበሬታ ምስ እንረክብ፡ ብኸመይ ነመዛዝን? ሓቂ ንምዕባጥ ዝግበሩ መሰጥቲ ተዋስኦታትን ናይ ሓሶት ዛንታታትን፡ ብትርኢት ከይተዓሸና ብኸመይ ነለለዮም? ብዛይካ እቲ ብቐጥታ፡ ብዜና መልክዕ ዝመሓለለፍ ሓበሬታ፡ እቲ ብዝተፈላለየ ኣገባባት፤ ቪድዮ ጌም፡ ፊልምታት፡ ናይ ኣኒመሽን ቪድዮታትን ካልእን ዝቐርበልና ሓበሬታ ብኸመይ ነለልዮን ሓቅነቶም ንፍትሽን ኣካል እዚ ጥበብ እዩ።

7. ምጥፉእ መሃይምነት ኣብ ቴክኖሎጂ

(Technology literacy)

ንሓይልን ጽልዋን ሓበሬታ፡ መራኸቢ ብዙሃን ይጸልዎ እዩ እንተ ኢልና፣ ንኽልቲኡ ጥበባት ከኣ ተክኖሎጂ ይጸልዎ። ተክኖሎጂ፡ ሳይንስ ወይ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ተጠቒምካ ህሉው ጸገማትካ ምፍታሕ ማለት እዩ።



ተክኖሎጂ ኣብ ኢንዱስቱርያዊ ዘመን፡ ፍርያት ብብዝሕን ዓይነትን ሱር በተኻዊ ለውጢ ከምጽእ ኣስተዋጽኦ ገይሩ እዩ። ተክኖሎጂኣዊ መሃይምነት ምጥፋእ እምበኣር ኣብዚ መዋእለ ሓበሬታ ዝርከቡ ማሽናትን ተክኖሎጂኣዊ መሳርሒታት ምፍላጥ፡ ምስናዕ፡ ምምሕያሽን ምምሃዝን የጠቓልል። ኣብ ገለ ፕሮጀክትታት እንተ ተዓዚብና፡ ሓንቲ ትካል ወይ ሃገር ሓደ ማሽን ምስ ዓደገት፡ ነታ ማሽን ከገጣጥሙን ክመርሑን ዝመጽኡ 'ክኢላታት' ኣለዉ። ናይዞም ክኢላታት ፍሉይነት፡ ፍሉይ ሓንጐል ወይ ብልሒ ምውናን ዘይኮነ፡ ናይታ ማሽን መሃይምነት ስለዘጥፍኡ እዮም። ዕምሪ ስርሖም ንምንዋሕ ከኣ ድንቁርና ናይቶም ነታ ማሽን ዝገዝኡ የገድሶም። ስለዚ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ማሽን ጥራይ ዘይኮነ፡ ነታ ማሽን ዘካይድ ጥበብ'ውን ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ። ዝሃብተምና ሃብቲምና፡ ማሽነሪታት ኣብ ዓድና ኣእቲና፡ ባዕልና ከነመሓድረን እንተ ዘይኪልና ገና ካብ ድኽነት ኣይተላቐቕናን ማለት እዩ።

8.ተዓጻጻፍነት

ኣብቲ ሳልሳይ ምድብ፡ ናይ ህይወት ጥበብ፡ ቀዳማይ ንረኽቦ ጥበብ፡ ናይ ተዓጻጻፍነት ክእለት እዩ። ተዓጻጻፊ ምኳን ኣብዚ ብፍጥነት ዝቀያየር ዘሎ ሃዋህው ክትወሃሀድን ክትርዕምን ምኽኣል እዩ። ተዓጻጻፊ ምኳን ክልተ በዳህቲ ስምዒታት ሓሊፍካ ወይ ተቐቢልካ ዝብጻሕ ደረጃ እዩ።

ሀ- ኩሉ ግዜ ኣነ ቅኑዕ ክኸውን ኣይክእልን እየ፣

ለ- ቅኑዕ ኣብ ዘይኮናሉ ግዜ ኸኣ ጌጋና ተቐቢልና ምቕያር።

እዘን ክልተ ኣገደስቲ ኣተሓሳስባታት፡ ብዙሕ ንለውጢ ዘሸግራን ዓንቀጽትን ስምዒታት እየን። ጥበብ ተዓጻጻፍነት ኩሉ ግዜ ትሕትና ከነርእን ብዙሕ ክንመሃሮ ዘለና ከም ዝተርፈና ምፍላጥን እዩ። እዚ ጥበብ ንፍልጠትን ለውጥን ክፉታት ብምግባር፡ ናብ ዓወት ዘሳሊ ሜላ እዩ። ደቅና ወይ ተመሃሮና ካብ ንእሽቶኦም ምስ ዝመሃርዎ ኸኣ ዝያዳ ኣበርኪቶ ይህልዎ። እዚ ጥበብ ምውናን፡ ነቶም ሰዒቦም ዝመጽኡ ጥበባት ኣብ ምውናን ልዑል ተራ ኣለዎ።

9. መሪሕነት

መሪሕነት፡ ዕላማ ሰሪዕካ፡ ውዳበ ኣሐይልካ ዝተመደበ ዕላማ ንምውቃዕ ዝኽእል ሓያል ድልየት ወይ ዝንባለ ብምህላው እዩ ዝፍለም። መሪሕነት፤ ኣብ ስድራቤት፡ ኣብ ናይ ቢዝነስ ትካላት፡ ኣብ ናይ ስፖርት ጋንታታት፡ ኣብ ሕብረተሰብን ሃገርን ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ መሪሕነት፡ መራሒ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩሉ ኣካል ኣፍልጦ የድልዮ። እዚ ጥበብ ምውናን፡ ንመራሒ ዝሓሸ ውሳነ ክውስን ዝሕግዝ እዩ። ነቲ ኣብ ጽፍሒ መሪሕነት የለን እንብሎ ሰብ ከኣ ኣብቶም ዝውሰኑ ዘለዉ ውሳኔታት ሓባራዊ መረዳእታ ክህልዎም ይሕግዝ። ጥበብ መሪሕነት ንኹሉ ኣካል ምምሃር፡ ሓባራዊ መረዳእታ ብምዕባይ ስኒትን ስምረትን የስፍን።

10. ተበግሶ

ሓቀኛ ዓወት ንምውናን ተበገሶ የድሊ። ተመሃሮና ወይ መንእሰያትና ኣብ ዝተጀመረሎም ሕልምን ዕላማን ጥራይ ዝምልኡ ምስ ዝኾኑ፡ ዋንነት ናይቲ ስራሕ ወይ ጉዕዞ ክስምዖም ኣይክእልን። ተበግሶ ካብቲ መዓልታዊ ንዓዮ ወይ ነካይዶም ስራሓት ወጻኢ፡ ካልእ ክዕየ ዘድልዮ ስራሕ ምስ እንረክብ ዝሕተት ጥበብ እዩ። ኣብ ከባቢና ካብቲ ብውጥን ክንዓሞ ዝተወሰነ ንላዕሊ፡ ብዙሓት ክዕረዩ፡ ክቀላጠፉ፡ ክብገሱን ክቐየሩን ዝግብኦም ስራሓት ምስ ዝህልዉ፡ ንኻልእ ከይተጸበኻ ናትካ ተራ ምዕማም የድሊ። ምኽንያቱ፡ ገለ ገለ ጉዳያት ክሳብ ብዝለዓለ ደረጃ ዝተሓዙ፡ ግዜ ምስ ዝወስዱ፡ ሓደገኛታት ክኾኑ ይኽእሉ። ወይ ከኣ ሰኣን ተበግሶና ዝበለጸ ዕድል ክሓልፍ ይኽእል። ጥበብ ተበግሶ ምህላው፡ ሓያል ተወፋይነትን ናይ ስራሕ ስነ-ምግባር ከተጥሪ ዝሕግዝ ስለዝኾነ፡ ነዚ ዝስዕብ ጥበብ ኣፍራይነት መሰረታዊ ኣገዳስነት ኣለዎ።

11. ኣፍራይነት

ኣፍራይነት፡ ከም መዐቀኒ ብቕዓት ካብ ቅድም ነይሩ እዩ። ፍሉይነት ጥበብ ኣፍራይነት፡ ኣብ 21 ዘመን ግን ስሉጥ፡ ጥቁውን ጽፉፍን ፍርያት ጾ ኣፍሪና እዩ ዝዕቅን። ብሓጺሩ ትጽቢት ኣፍረይቲ ትካላት፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሕ እቶት ምእታው እዩ። ስለዚ፡ ሰራሕተኛታት ወይ ወነንቲ ትካላት ብዛዕባ ስትራተጂ ኣፍራይነት ግቡእ መረዳእታ ክሕድሩ የድሊ። ናይ ትካላት ስትራተጂ፡ እተን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ናይ መሪሕነትን ተበግሶን ጥበባት፡ ብኸመይ ኣራቢሖም ኣብ ውጽኢት እወታዊ ጽልዋ ይህልወን ክምልስ የደሊ። ስራሕ ብብዝሒ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንኮላይ ብዓይነት ክመዝናሉ ዝኽእላ ቅጥዕታት ምድላው፡ ኣካል እዚ ጥበብ እዩ።

12. ማሕበራዊ ጥበባት

ናይ መወዳእታ ግን ኣመና ኣገዳሲ ጥበብ፡ ማሕበራዊ ጥበብ እዩ። ስራሕ ዝበዝሐ ግዜ ብርክባት ሰባት እዩ ዝካየድ። ማሕበራዊ ርክባት ወይ መርበባት ከከም ትካሉ ክፈላለ ይኽእል እምበር፡ ብዘይ ናይ ሰባት ርክባት ዝካየድ ስራሕ ኣሎ ክንብል ኣይንደፍርን። እዞም ርክባት፡ ናብ ድልዱላትን ኣድማዕትን ዝምድናታት ተቐይሮም፡ ናይ ስራሕ ኣከባቢና ምስጉን ንምግባሩ ዘገድስ ጥበብ፡ እዚ ጥበብ እዩ። ማሕበራዊ ጥበብ ኣገዳሲ እንክነሱ፡ ብሰንኪ ተክኖሎጂን ማሕበራዊ ሜድያን ብዙሓት ኮተቴን መንእሰያትን ምስ ማሕበራዊ ርክባት ዝተሓላለዘ ድኽመታት ይረኣየሎም ኣሎ። ሳዕቤን ናይዚ ኸኣ ስንኩፍ ዝምድናታት፡ ዝተበታተነ ስድራቤታትን ጸገማት ስነ-ኣምሮኣዊ ጥዕናን የኽትለሎም ኣሎ። እዚ ስለዝኾነ፡ ደቅና ወይ ተመሃሮና ካብ ብንእሽቶኦም ማሕበራዊ ጥበባት ከም ዝመሃሩ ክንገብር የድሊ።

ጥበበኛ ምኳን፡ ፈለማ ኣብ ማሕበራዊ ህይወትና ዕዉታት ክንከውን የኽእለና። ሰዒቡ፡ ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ዋጋና ንምብራኽ ይሕግዝ። ብፍሉይ፡ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን፡ ንቕድመ-ምድላው ዘየፍቅድ ቅልጡፍ ለውጥታት ስለዝረአ ዘሎ፡ ብዝተኻእለና መጠን ዘለና ዓቕሚ ተጠቒምና ዘድልዩና ዕጥቂ ምዕጣቕ እዩ። ጥበብ ነብስኻ፡ ሕብረተሰብካን ኣከባቢኻን ብምፍላጥ እዩ ዝጅመር። ስለዚ፡ ስርዓተ-ትምህርትና፡ ናይ መሰልጠኒ ጽሑፋትና፡ ኣብ ከባቢና ብኸመይ ብብቕዓት ንነብር ዘፍልጥ ክኸውን የድሊ። እቲ ምስ ዓለም ዘራኽበና ከም ፍልጠት ተክኖሎጂኣዊ መሳርሒታት ከኣ ብኹፉት ኣእምሮ ክንመሃሮ፡ ድሒሩ ኣብ ህይወትናን ሕብረተሰብናን ከኣ ብኸመይ ይሰርሕ ብምሕሳብ ክነርዕሞ የድሊ። ልዕሊ ኹሉ ኸኣ ኩሉ ሰብ ሓደ እዩ፣ ሓደ ብቕዓት ኣእምሮ ኸኣ ኣለዎ። ስለዚ ኩሉ ክምህዝ፡ ክፈጥር፡ ክዓብን ክምዕብልን ነዚ ዘሎ ምዕባለ ክመርሖ ይኽእል እዩ ኢልና ክንኣምን የድልየና።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291
Fax: (+291
www.bisha

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

**Position: Forklift Operator**
**Department: Process Plant/Maintenance**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To operate forklifts in a safe and efficient manner, conducting pre-start checks, reports any issues, in order to move material and equipment as instructed.

**Essential Function**

- Performing pre-start equipment checks and reporting defects.
- Adhering to health and safety regulations.
- Loading and unloading materials from a variety of vehicles.
- Moving pallet-packed materials around the site or storage facility.
- Checking loads are secure.
- Following written instructions and keeping records
- Completing physical tasks quickly and accurately

**Unique Requirements / Other Information**

- Candidate must be medically and physically fit.

| **Qualifications** | **Knowledge and Experience:** |
|---|---|
| Technical School | 3 – 5 years relevant experience |
| **Technical Skills** | **Behavioural Skills** |
| Computer literacy (MS Office-Intermediate). | Communication – Follow instructions. |
| Drivers license **Grade 3-5**. | High level of accuracy and self-motivation. |
| Attention to Detail. Tyre experience. | Ability towork towards strict deadlines. |

**General Information and other requirements:**
**Salary:** As per Company salary scale.
**Type of Contract:** Indefinite
**Place of work:** Bisha

**Additional requirements for Nationals:**
**Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
**Present clearance paper from current/last employer.**
**Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
**Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
**Application documents will not be returned to the sender.**
**All applications should be sent through the post office.**

**Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to.**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276**
**Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**1.Aliens Employment permits Affairs,**
**P. O. Box 7940**
**Asmara, Eritrea.**
**2.Mineral Resources Management**
**P. O. Box 272**
**Asmara, Eritrea**

## VACANCY ANNOUNCEMENT

HLB Abraham Isaac & Company is a member of HLB International, a worldwide network of independent professional accounting firms and business advisors, which is ranked number 8 in the Global network ranking, is inviting applicant who is competent to fill the post of a deputy audit manager.

Number required: One
Qualification: CA or ACCA or AIA or CPA or equivalent professional qualification
Experience: Post qualification experience of five years or more with an audit firm of good standing. Component audit experience is added advantage.
Age: 30 – 40 years of age
Conversant with: International Standard on Auditing (ISA), International Financial Reporting Standards (IFRS), Caseware audit software and knowledge of other ERP will be added advantage
Responsibility: To be in charge of audit of big and medium size clients, reporting to audit manager or partner
Place of work: The State of Eritrea (Horn of Africa)
Salary and perk Negotiable
Behavioral skills Communication (English), assertiveness, interpersonal relations, integrity self-motivation and ability to work towards strict deadlines

**Additional Requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current /last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials a copy of your National Identity Card etc.).
- Only short listed applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: Two weeks from the day of publication in the Newspaper.
- Address: Please mail your applications to

**HLB Abraham Isaac & Company**
**P.O.Box 3446**
**Asmara, Eritrea**

ፋብሪካ በራ ኣስመራ፣ ንወሃንቲ ብርኪ ናይ 2023 ዓ.ም ብጽሒት (Dividend) ክኸፍል ስለዝኾነ፣ ኩሉኹም ሰብ ብርኪ ዘለኩም ሰነድ ብምሓዝ ካብ ዕለት 21/6/2024 ጀሚሩ ኣብ ፋብሪካ በራ ብኣካል ብምምጻእ ወይ ብወከልትኹም ብጽሒትኩም ክትወስዱ ከም እትኽእሉ የፍልጥ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 181200 ወይ ብቑጽሪ ፋክስ188503 ተወከሱና።

ፋብሪካ በራ ኣስመራ

## ምልክታ ጨረታ

ሆቴል ኣስመራ ፓላስ፣ ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ ንብረት ብጨረታ ኣውዲዱ ክሸይጥ ስለዝደለየ፣ ዝ. ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቅጥዒ ዘማልኡ ተወዳደርቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም

- ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ መንነት ፎቶ ኮፒ
- ኣፍሰ ወሰፍ ተጫራታይ መኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 10,000 ናቕፋ ብcpo ወይ ብቼክ የትሕዙ።
- ምልክታ ጨረታ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ 10 መዓልታት ክፉት ይኸውን።
- ምልክታ ጨረታ ሰዓት 3:30 ድ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤት/ጽ/ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ይኽፈት።
- ኣስመራ ፓላስ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰል ዝሓለወ ኢዩ።
- ተጫረትቲ ንጨረታ ተቐሪቡ ዘሎ ንብረት ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ መጺኦም ክርእይዎ ይኽእሉ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ: ኣቶ ሰዒድ ነጋሽ፡ ኣቶ የሰፍ ነጋሽ፡ ብኸሰስቲ: ወረ/ፍ ሓጂ መሓመድ ዓብደርሓም፡ ኣቶ ዑመር መሓመድ ዓብደርሓም፡ ኣቶ ዓሊ መሓመድ ዓብደርሓም፡ ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሌኹም ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቀርቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ወረ/ፍ ዘርኣዝጊ ትካቦ ነ/ሄራት ኣስመረት ሃብተማርያም ኣቶ ሚከኤል ዘርኣዝጊ ተኸሰስቲ: 1. ሰወእ ተወልደ ዘርኣዝጊ ገብረዝጊ ተተካእቲ ደቁ 1.1 ሄርሞን ተወልደ 1.2 ልዋም ተወልደ 2.ጽገወይኒ ዘርኣዝጊ ገብረዝጊ 3.ማኣዛ ዘርኣዝጊ ገብረዝጊ 4. ትርሓስ ዘርኣዝጊ ገብረዝጊ 5.ንኣምን ዘርኣዝጊ ገብረዝጊ6. የዕበዮ ዘርኣዝጊ ገብረዝጊ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ እምባደርሆ

ስመረኣብጺጋይ ማና፡ሰም ኣደይ ግብጺይት ኪዳ ክብርኣብ ምግል ተረፉ፡ ግብጹ ኪዳ ክብርኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳክርስትያን

ወ/ሮ ኤርትራ ያቆብ ገብረዝጊ፡ብዓልቤተይ የማነ ተስፋስላሰ ተኽለ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6+ ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰለማዊት ዑቕቡ ብስራት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብቶም የማን ኣብርሃ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣዜብ ገብረማርያም ተኳ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መንግስ ሓጎስ ገብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኮኾብ ገብሸ ኣስራት፡ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋት ሃብተማርያም መብራህቱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ቅዱት ነጋሲ ከበደ ምግል ተረፉ፡ ራሄል ነጋሲ ከበደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሰመረ በርሀ ብዓልቲ ቤተይ ድያን ከሓሰ ብርሃ ስለዝተሰወኣት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 2 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ በርሀ ኣስገዶም ንገሰ፡ ሓፍተይ ለምለም ኣስገዶም ንገሰ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኑቢዮት ተስፋሚካኤል ኣጸቢሑ ተኸሳሲ ኣቶ መሓረና በርሀ ገብረእግዚኣብሄር ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሰስቲ ወረ/ፍ/ሄር ስበሃቱ መድሃኔ፡ ኣብ ልዕሊ ወረ/ፍ ስበሃቱ መድሃኔ ኣቶ የማነ መድሃኔ 2. ኣቶ ኣብርሃ መድሃኔ 3. ስወእ ከሰተ መድሃኔ 3.1 ኢያሱ ከሰተ መድሃኔ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ጠዓመ ተስፋ ምግል ተረፉ፡ ጠዓመ ተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍርዲ ብዓል ማሳል ኣቶ ተስፋም እየሩ ወልደገብርኤል፡ ብ/ፍርዲ ብዓል ዕዳ ወ/ሮ ጽጋብ ጸጋይ ኪዳነ ኣብ ልዕሌኺ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ርሓሶት ፍትዊ ተስፋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ነጋሲ መሓሪ ዓንደሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ዜየዳ ገብረገርግስ ገብረጻድቕ፡ ተኸሳሲ ኪዳ ገብረእግዚኣብሄር ተሰሙ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ኢብራሂም ጅምዕ እድሪስ ተጸዋዒ ኣቶ ኣማኒኤል ዓንዶም፡ ናይ ደኳን መሸጣ ብጅምላ ንግዲ ፍቓድ፡ ብቑጽሪ GBL 00006836 ዝፍለጥ፡ ንዓይ ብሀያብ እተወሃበኒ ብዕለት 14/01/2019 ብቑጽሪ መዝገብ 10119 ተመዝጊቡ። ስለዚ እዚ ዝተዋህበኒ ንግዲ ፍቓድ ናብ ስመይ ክቕይሮ ስለ ዝደለኹ፡ ብጋዜጣ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ጉዕይ ክብረኣብ ተኸሳሲት ዛህራ ሸፋው ሙሳን ዘሎ ክርክር፡ ሞዝቲት ኣሉፋ ኣዳም ኣርኣያ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ትርሓስ ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ገብረሚካኤል መድሃኔ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓረጉ ጾገ ስኡሉ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም ገብረኢየሱስ ማኣል ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይት መልኣከ ማህደረ፡ ኣደይ ኣብርሀት ጃናይ ዑቕቡ ስለዝዐረፈት፡ ኩሎም ኣሕዋተይ ጥፉኣት ስለዝኾኑ፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ምም. ከተማ ማይ-ሰገን ዞን 04 ፕሎት 54 ፓርሰል 54 ብኮምሸን ኣባይቲ ቁ 540241 ብስም ነ/ሄራት ኣሚና ሞሳ ኣበብከር ዝተመዝገበ ብውርሲ ንኣቶ የሰፍ ኢብራሂም መሓመድን ኣቶ ከማል ሰዒድ መሓመድን ዝተውሃበ፡ ንወ/ሮ ንግስቲ ኣብርሃ ዘርኣይ ዝሸጡለን፡ ኣነ ኣመልካቲት ድማ ካብ ወ/ሮ ንግስቲ ኣብርሃ ስለ ዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ን/ዞባ ሰገነይቲ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ይቕረብ። እንተዘይኮይኑ ብዘሎኒ ሰንዳት ጉዳየይ ከውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣኽበረት ኪዳነ ጸጋይ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ፡ ዞባ 04 ን/ዞባ 03 ከበቢ ባርጅማ ሎታ 69 ፓርቸላ G (ክፋል) ስፍሓት መሬት 155 ት/ሜ ብዘለሐ ክፍልታት ቀንዲ 7 ሓገዝቲ ክፍልታት 3 ዘጠቓለለ፡ ብቑምርሒት መሬት 118404/46/ኖው/75 መለለዪ ቁ.00288 መወከሲ ቁ.140047 ኣብ ኮምሸን ኣባይቲ ብስም ወለደይ ኻ/ጳውሎስ ሃይለማርያም ተስፉን ኻ/ሄራት ኣበባ ሚካኤልን ተመዝጊቡ ዝርከብ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ መውዳእታ ውሳነ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ሐዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርን፡ ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘየሎ፡ ስም ናይ ምትሕልላፍ መስርሕ ከምዝፍጸም ኣፍልጥ።

ብስራት ጳውሎስ ሃይለማርያም
ወኪል ደጎል እምባዬ ተስፋጽዮን

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/02 ዝርከብ ብስም ቀሺ ገብረመድህን ሃይሉ ገብራይ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 118440 መወከሲ ቑጽሪ 116031 ዝተመዝገበ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዘዮ ዝብል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07555827 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ለተክርስቶስ ኣብርሃ

---

## ምስጋና



ብምስዋእቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ሃይለማርያም ገብረማርያም (ገሬ ባትላሚራ) ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቓበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝዋጸና ብኣኽብሮት ንሕብር።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣስቴር ማሳፍን
ምስ ጓሉ ኒያት ገብረእግዚኣብሄርን
ምሉኣት ስድራቤትን

---

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ፍቓዱ ጸጋይ ወልደየውሃንስ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ዓዲ ሰጉዶ ዘቓበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝዋጸና ብኣኽብሮት ንሕብር።

ብዓል ቤታ ኣቶ ኣብርሃ ጎይትኦም ኣርኣያ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

## ምስጋና



ብዕረፍቲ እንፍቅራ ሓፍትና ወ/ሮ ናዝሬት ገብረትንሳኤ ሓዘና እናገለጽና፡ ቤተሰብን ፈተውትን ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ሃገረ ኣመሪካ (ዳላስ) ዝተሓብበርኩምና፡ ኣብ ግዜ ሓዘን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ከምኡ'ውን ቴሌፎን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ምስ ምሉኣት ስድራቤት
ኻ.ገብረትንሳኤ ኣስገዶም

---

ኣነ ኣመልካቲ ኣቶ መሓሪ ዘመድ ኣለም ዝተበሃልኩ፡ ቁ/መን.ER.0938730 ዝኾንኩ፡ ካብ ትውልዲ ዓደይ ጻዕዳ ክርስትያን ምም/ን/ዞባ በሪክ ብምርሓት መሬት ጤሳ ዝተዋህበኒ ሰነድ ብዕለት 18/10/2016 ብቑ.ቅ.NO 009253 መ/ቅጥዒ 000084 ዝረኸብኩዎ ብቑ.መለለዪ መሬት 0925 ሎት/BLOCK/113፡ ፓርሰል B፡ ናይ ዋንነት ሰነድ ዝገልጽ ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸቦ እንተሎ ወይ ብዕዳ ሐዘዮ ዝብል እንተሎ ብቑ.ቴሌ/07161358 ክሕብረኒ፣ እንተዘይተረኺቡ ግን ካብ ዝምልከቶ ሚኒ/መሬትን ማይን ኣከባብን፡ ጨ/ዞባ ማእከል ኦርጂናል ሰነድ ከውጽእ ምዃነይ ኣፍልጥ።

ኣቶ መሓሪ ዘመድ ኣለም

---

ብስም እዝየግዚርያ ሃብተሚካኤል ማሕደረ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍቓድ ዋኒን ASL00022242 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ዓዲ ጓላ ቁ.ገዛ ዝርከብ ናይ ድሉው ክዳውንቲ መሸጣ ትካለይ ንኣቶ ኪዳነ ኣብርሃ ተኽለ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና 184-1 ቁ.ገዛ ካብ ዕለት 17/06/2024 ክሳብ ዕለት 16/06/2029 ኣካርየ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቘጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

እዝየግዚርያ ሃብተሚካኤል ማሕደረ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዘውዲ ጎይትኦም ስዒድ፡ ጓለይ የማና ዓንደብርሃን ወልደየሃንስ ስለዝተሰውኣት፡ ወላዲኣ መዋቲ ስለ ዝኾነ፥ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋታ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ኪዳ ወልደስላሴ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ ኣድሓኖት ብርሃ ሰንጋል 1.ኦብዮት ኪዳ ወልደስላሴ 2.ጸገሬዳ ኪዳ ወልደስላሴ 3.ኣዜብ ኪዳ ወልደስላሴ 4.ኤልሳቤጥ ኪዳ ወልደስላሴ 5.ኣስቴለማርያም ኪዳ ወልደስላሴ 6.ተዕዛ ኪዳ ወልደስላሴ ናይ ወሃብቶ ምጽዳቕ ክሲ ቀሪቡልኩም ን25/7/24 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣብ መንነ ኤሪት ኩባንያ ኩዕታ ሓዚብማ (ኣኪያዲ ስራሕ ኣቶ ዘውደ ተፈራ) ትካል ቻይና ነው ኤራ ኣብ ቤት ፍርዲ ክርክር ስለዘሎ፡ ተኸሳሲ ትካል ቻይና ነው ኤራ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ተኸሰስቲ ሽሻይ ጎይትኦም ገብረሂወት፡ ኣቶ ፍጹም ጎይትኦም ገብረሂወት፡ ኣቶ ኒጓሲ ጎይትኦም ገብረሂወት ከምኡ'ውን ኣቶ ኣማኑኤል ጎይትኦም ገብረሂወት፡ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክርክር ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይ ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኪዳ ሓጎስ ንጉሰ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሳምራዊት ፍስሃየ ገብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ፡፡

ሰምሃር ኣስመላሽ ተላ፡ ኣዴና ምሕረት ተኽለ ጎይትኦም ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ሓደ ተተካኢ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣለም ኪዳ መላኺ፡ ሓወይ ኣቶ የሴፍ ሊባኖስ ንልኡል 35 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ይወሃበኒ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ቢንያም ሎረንዞ ዲኖ፡ ዓባይና ጽገሃና ወልደሚካኤል ወጓል ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕታተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣቶ ኣማኑኤል ሰለሙን ማዕቀብ፡ ሓፍተይ ወ/ሮ ኣሙት ሰለሙን ማዕቀባ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻፍሓ ኣብ ዓዲ ሓወሻ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብቑጠ መሬት 0078 ቁጽሪ ካርታ A2439-F፡ 7 ፓርሰል B ስፍሓቱ 500 ት/ሜ ዝኾነ 6 ቀንዲ ክፍልታት 2ተ ተሓጋገዝቲ ክፍልታት 2ተ ዓይኒ ምድሪ ዝርከቦ ገዛ ስለዝወሃበትኒ፡ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/2024 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሪታ የውሃንስ ገብረንጉሰ፡ ኣቦ ጓለይ ጎይትኦም ኣብርሃም ደባስ ስለዝዐረፈ፡ ትሕቲ ዕድመ ጓሉ ሳራ ጎይትኦም ኣብርሃም ጥራይ ወረሰቲ ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣድሓኑት እምማ ኣረጋይ፡ ኣቦይ እምማ ኣረጋይ መብራህቱን ኣደይ ምሕረት ሓጎስ ሞኣዝጊን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለትን ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ትዕግስቲ ሰይፉ ሸፈራው ምባል ተሪፉ፡ ትዕግስቲ ሰይፉ ሸፈራው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኢሳቕ ሃብቱ መድህን፡ ሓብተይ ምሕረት ሃብቱ መድህን ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ እምባደርሆ

ኣስገደት ኪዳ ግደይ፡ ብዓል ቤተይ ስልጣን ፍስሃየ ገብረሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣልማዝ ጺጋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብራ ቀሺ ዘናዊ ገብረሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብጋዊ ወኪል 23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ፍቃዱ ለገሰ ገብረ ምባል ተሪፉ፡ ፍቃዱ ኪዳ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ኣለምሰገድ ተስፋሀኳይ፡ ተኸሳሲ ኤፍሬም ተስፋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ሩታ እስቲፋኖስ ፡ ኣቦይ እስቲፋኖስ ወልደገርግሽ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ተኽለሃይማኖት ንጉሰ በላይ፡ ኣቦይ ንጉሰ በላይ ስለዝዐረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ኣነ ጥራይ ወረሰ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ ዑመር፡ ስም ኣደይ ሳልሕ ኢድሪስ መሓመድሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ ሳሊሓ ኢድሪስ መሓምድሳዓድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ መሓሪት ተወልደ ተስፉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፉማርያም ሓጎስ ጎይትኦም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብጋዊ ወኪል 16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ግደይ ተስፋሚካኤል የውሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ግደይ ተስፋማርያም የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ትርሓስ ገብረሃንስ ጻዕዱ ምባል ተሪፉ፡ ትርሓስ ገብረስላሴ ጻዕዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ሉተማርያም በየነ ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ዑቕባሚካኤል ቀላቲ መድሃኔ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ መሓመድ ዑመር ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ማሕሙድ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ዓንሰባ ሓጋዝ

ኖቢት ተስፋሚካኤል ፍላክ ምባል ተሪፉ፡ ኣቢት ተስፋሚካኤል ፍላክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ኣስረስ ባይሩ ገብረኣብ ዝተበሃልኩ፡ ክልተ ወለደይ ኣቶ ባይሩ ገብረኣብ መሓሪን ወ/ሮ መብራት ስብሃቱ በራኺን ነቲ ኣብ ዓዲ ሰጉዶ ዝርከብ ገዛ ቅድሚ 50 ዓመት ዝተሰርሐ ሓደ ህድሞን ሰለስተ ክፍሊ መረባዕን ካሽሎ ብእዕልን ብታሕትን ዘለዎ ንብረቶም ዝኾነ ገዛ ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብ28/9/2004 ዓ/ም ቀሪቦም ብመዝገብ ቁጽሪ 289/2004 ፈሪሞም ንዓይ ብወሃብቶ ስለዝሃቡኒ፡ ዋንነት ናይዚ ገዛ ካብ ስሞም ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታዮን ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣስረስ ባይሩ ገብረኣብ

---

ኣመልካቲት ሩታ ከተማ ካሕሳይ ዝተበሃልኩ፡ ብስም መሰጦፉ ኑር ኣደም ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ኣስመራ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ዝርከቡ፡ ኣብ ስፍሓት መሬት 312.50 ት/ሜ ዝተደኮነ፡ ፕሎት 148 ፓርሰል ጂ ቀንዲ ክፍሊ 7 ምስ 7 ተሓጋጋዚ ASP 00008045 ASd 00009505 ዝኾነ ገዛ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASMO012926 ብስም ሸያጢ ዝተመዝገበ ጂ+1 ገዛ ስለ ዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ይግባይ ዝተበሃለሉ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤ/ጽ ኖታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ወኪል ኣለምጸሃይ ብርሃ

---

ኣነ ዘውዲ ገብረድንግል ግርመ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ሰምበል ከባቢ ልምዓት፡ ፕሎት 65 ፓርሰል G ዚፕኮድ 1A8335 ጉደና 835-56 ዝርከቡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM015656/0 ብዕለት 08/7/2019 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ንጓለይ ወ/ሮ ገነት ሰዩም ተስፋሚካኤል ብወሃብቶ ስለ ዝሃብክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ወሃብቶ ተቐባሊት ጓለይ ወ/ሮ ገነት ሰዩም ተስፋሚካኤል ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ዘውዲ ገብረድንግል ግርመ

---

ኣነ ኣመልካቲ ካብ ወረስቲ ኣፍ/ለተብርሃን ገብረኪዳን ገብረሂዎት ብዕለት 30/10/2010 ዝዓደግክዎ ገዛ ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም 09 ጎደና 408 ቁጽሪ ገዛ 47/49 ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 102929 መወከሲ ቁጽሪ 126372 ዝተመዝገበ ክልተ ቀንዲ ክፍልትታት ዘጠቓለለ፡ ብመሸጣ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ እንተዘይኣምጺኡ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ምዃነይ ብትሕትና እሕብር።

ቀሺ ገብረእየሱስ ሃብተ ተስፋይ

---


ብስራት ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ

PROBLEM SOLVER Of High School ENGLISH

ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ እንግሊዝኛ ብፍላይ ንተፈተንቲ ማትሪክ

ካብ ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ሓጺርን ንጹርን መግለጺ ኣብ ኩሎም ኣርእስትታት 9ይ፡ 10ይ፡ 11ን 12ን ክፍሊ
- ሕቶታት ምስ ሰፊሕ መግለጺታቶም
- ሕቶታት ምስ መልስታቶም
- ማትሪክ መሰል ሕቶታት




ንዝያዳ ሓበሬታ: 07121623- 07151337- 07377676

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደንደንን ኣስመራ ቢራን ደረጃኦን ዓቂበን

ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ደንደንን ኣስመራ ቢራን ዓወት ብምምዝጋብ ደረጃኦን ዓቂበን።

ካልኣይቲ ዘላ ደንደን ንዝዛ ጥንዳ እያ ገጢማታ። ቀዳሚ ዕረፍቲ ብመገዲ ቢንያም ግርማይ 1-ብ0 መራሓ ዝወጸት ደንደን፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ከኣ፡ ቢንያም ንዕኡን ንጋንታኡን ካልኣይቲ ሸቶ ብምውሳኹ 2-ብ0 ተዓዊታ። እዛ ጋንታ፡ ካብ 11 ጸወታታት 27 ነጥቢ ኣዋህሊላ ትርከብ። ቢንያም ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዛ ግጥም ተጸዊዑ።

ድሕሪ ደንደን ተሰሪዓ ዘላ ኣስመራ ቢራ ምስ ማይ ተመናይ እያ ገጢማ። ጸቡቕ ምንቅስቓስ ዘርኣየት ቢራ፡ ኣብ ቀዳሞት 45 ደቓይቕ ካብ መርሃዊ ረዳእን ኣቤል ወልደእየሱስን ብዘመዝገቡዎን ሸቶታት ንዕረፍቲ 2-ብ0 መራሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ቀዲማ ሸቶ ዘመዝገበት ማይ ተመናይ እያ ነይራ። እዛ ጋንታ፡ ካብ ቅላዕ መቕጸዕቲ ብመገዲ ኤሸን የውሃንስ ብዘመዝገበታ ሸቶ ወጽኢት ኣጸቢባቶ። ይኹን'ምበር፡ ግዜ ብምእካሉ ማይ ተመናይ 2-ብ1 ካብ ምስዓር ኣይተናገፈትን። በዚ ወጽኢት፡ ቢራ፡ ካብ 11 ጸወታታት 24 ነጥቢ ኣዋህሊላ ደረጃኣ ክትዕቅብ ክኢላ ኣላ። ናይዛ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ሳዶር የማን ካብ ኣስመራ ቢራ ተሰይሙ። እንኮ ሸቶ ናይ ማይተመናይ ዘመዝገበ ኤሸን ወዲ ንኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ የውሃንስ ምሕረተኣብ (ፋፋ) እዩ።

እዚ ውድድር፡ ጸባሕ ሰንበት ኣዱሊስ ምስ ጎዳይፍ፡ ኣልታሕረር ምስ ኩባንያ ሰገን ብዘካይዳኦ ግጥማት ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።



## ጸለምቲ ኣመሪካውያን ተጻወትቲ ዓሌታዊ ኣድልዎ ይወርዶም

ንዝገራዊት ጋንታ ኣመሪካ ኣብ ኮፓ ኣመሪካ ዝውክሉ ዘለዉ ገለ ጸለምቲ ተጻወትቲ፡ ድሕሪ'ቲ ብፓናማ 2-ብ1 ዝተሰዓሩሉ ናይ ትማሊ ጸወታ፡ ብቐጥታዊ ማስመር ኢንተርነት ዓሌታዊ ኣድልዎ ከምዝወረዶም ተቓሊሑ።

ኣጥቃዓይ ክለብ ሞናኮ ፎላሪን ባሎጉን ተጻወትቲ ጁቬንቱስ ቲሞቲ ዊያን ወስቶን ማኬነን እዮም፡ ብማስመር ኢንተርነት ግዳይ ዓሌታዊ ኣድልዎ ከምዝኾኑ ዝገለጹ ዘለዉ።

ወዲ 24 ዓመት ዊያ፡ ንተጻዋታይ ፓናማ ሮድሪክ ሚለር ብቡጢ ኣብ ርእሱ ድሕሪ ምህራሙ፡ ዋላ'ኳ ፈለማ ብዮጫ ካርድ ተመሃዚዞ እንተነበረ፡ ድሒሩ ግን፡ ብቐጥታ ቀይሕ ካርድ ኣብ መበል 18 ደቒቕ ተባሪሩ።

ኑቲ ካብ ጸወታ ወጺኡ (ኵዕሶ ምስኣም ኣብ ዘይነበረትሉ እዩ ሃሪምዎ) ዝፈጸሞ በደል፡ ኣንጸርጺሩ ከምዝፈጸሞ ዝገለጸ እዚ ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ክለብ ሰል፡ ንደቂ ጋንታኡ ይቕረታ ሓቲትዎም እዩ። እንተኾነ ሰሪ ጸለም ሕብሪ ቀርበዞ ኣብ ዕላማ ካብ ምእታው ኣይደሓነን።



ዊያ፡ ወዱ ንናይ ቀደም ተጻዋታይ ክለብ ኤሲሚላን ሊበርያዊ ጆርጅ ዊያ ምዃኑ ይፍለጥ። ኣብ ኣመሪካ ስለዝተወልደ ግን፡ ንመበቆል ዓዱ ጊዲፉ ንዝተወልደላ ሃገር ኣብ ምውካል ይርከብ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኣመሪካ፡ ኣብ ተጻወትቱ ዝወረደ ዓሌታዊ ኣድልዎ ኮኒንዎ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸወታ፡ ንጽልኢን ኣድልዎን ዝኸውን ቦታ ከምዘየለ እውን ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ኣብ መበል 22 ደቒቕ ባሎጉን ብዘመዝገቦ ሸቶ መራሓ ዝበረት ኣመሪካ፡ ዋላ'ኳ ብፓናማ እንተተሳዕረት፡ በቲ ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታ ዘመዝገቡቶ ዓወት ግን፡ ድሕሪ'ታ ሸዱሽተ ነጥቢ ዘለዋ ኡራጓይ ካልኣይቲ ተሰሪዓ ኣላ። ሰለስ 2 ሓምለ ከኣ፡ ዝኸበደ ጸወታ ምስ ኡራጓይ ይጸብያ። ኣመሪካ፡ ምስ ካናዳን መክሲኮን ሓቢራ፡ ንዋንጫ ዓለም 2026 ከተሰናድኦ ኣብ ምድላው ከምእትርከብ ይፍለጥ።

## "ኣብዚ እዋን፡ ኣብ'ቲ ዝሰለፈሉ ቦታ ካባይ ዝበልጽ የለን" ካርቫሃል

ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊ ክለብ ሪያል ማድሪድ ዳኒ ካርቫሃል፡ ኣብዚ እዋን ኣብቲ ዝሰለፈሉ ቦታ፡ ኣብ ዓለም እቲ ዝበለጸ ተጻዋታይ ምዃኑ ከምዝኣምን ገሊጹ።

ዝሓለፈ ዓመታት ብቐዓቱ ጎዲሉ ምንባሩ ዝገለጸ ካርቫሃል፡ ኣብዛ ወቕቲ ግን፡ እቲ ዝበለጸ ዓቕሙ ከምዘርኣየ፡ ተንተንቲ ይዛረቡ። ካብ ቦታኡ ተበጊሱ ዘቕረበን ብርክት ዝበላ ናይ ሸቶ ዕድላት ሃንደሰ፣ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ባዕሉ ሸቶታት ከመዝግብ ክኢሉ እዩ።

ኣብዚ እዋን፡ ከም ናይ ካርቫሃል ምሉእ ማስመር ዝሸፍኑ (Full-backs) ተኸላኸልቲ ውሑዳት ምዃናም ተንተንቲ ይገልጹ። ካርቫሃል፡ ንቕድሚት እናኸደ ንኣንጻር ጋንታ ዝፈጥረላ ሓደጋ፡ ኣብዛ ወቕቲ ልዑል ምንባሩ ይግምገም። በዚ ከኣ ኣብ ናይ ጸወታ ግዚኡ ሓንቲ ካብተን ዝበለጻ ወቕቲታት ከምዝሕለፈ ይትንተን።

ካርቫሃል፡ "ከም ዝመስለኒ፡ ብደረጃ ቀጻልነትን ኣበርክቶን፡ ዛጊት እታ ዝበለጸት ናይ ጸወታ ግዜይ እያ።" ይብል። ዝበለጸካ ናይ የማን ተኸላኻሊ ዳኻ? ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ፡ "ከምዝመስለኒ ነዚ ዓመት እንተገምጊምናያ፡ እወ እዩ መልሰይ፣ ኩሉ ግዜ ንነብሰይ ከምኡ እየ ዝብሎ። ኣነ እንተዘይኮይነ እሞ መን እዩ? እቶም ቁጽርታት እኮ ኣለዉ። ብልጽቲ ዓመት እያ ነይራ። ሻምፕዮንስ ሊግን ላ'ሊጋን ምዕዋት፡ ሸቶታት ምቑጻር፡ ሕጂ ኸኣ ንእስጳኛ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ክሳብ'ቲ ዝኸኣል ደረጃ ምብጻሕ እዩ ዘሎ።" ክብል፡ ዝበለጸ ኮይኑ ከምዝስምዖ ተዛሪቡ።

ዳኒ፡ ኣብዛ ጋንታ ጥሮታ ክወጽእ ከምዘይደሊ፡ እንተዘይኮይኑ ግን፡ ናብ ዝኾኑት ኤውሮጳዊት ክለብ ከምዘይሰጋገር እውን ኣፍሊጡ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ኣብዛ ሓዳስ ዓመት-ስፖርት ብናጻ ካብ ፒኤስጂ ዝጸምበሮም ኪሊያን ምባፐ ከኣ፡ "እቲ ዚያዳ ዘሻቕሊ ተጻዋታይ" ክብል፡ ሕማም ርእሲ ይኾኖ ምንባሩ ተዛሪቡ። ምጽምባር ምባፐ፡ ንሪያል ማድሪድ፡ ዳምጋይ ኣብ ኩሉ ውድድር ናይ ምዕዋት ተኽእሎ ዘለዋ ብልጽቲ ጋንታ ከምዝገብራ እውን ወሲኹ ገሊጹ።



ካርቫሃል፡ ኣብቲ ንቦሩሲያ ዶርትሞንድ 2-ብ0 ዝሰዓሩሉ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ንቐዳመይቲ ሸቶ ከምዘመዝገባ ይዝከር፣ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይታ ግጥም ከኣ ተጸዊዑ። ኣብ ዩሮ 2024፡ ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታኦም ንክሮኤሽያ 3-ብ0 ክስዕሩዋ እንከለዉ'ውን፡ እዚ ወዲ 32 ዓመት ተኸላኻላይ ሸቶ ምምዝጋቡ ይዝከር።

## ቅንጥብጣብ

* ኣጥቃዓይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣልቫሮ ሞራታ፡ "ኣብዛ ጋንታ ክቕጽል እንተኾይነ ዝፈልጦ የብለይን፡ ካብ ብዙሓት ክለባት ከኣ ሕቶ ተቐቢለ ኣለኹ።" ክብል፡ መጻኢኡ ንጹር ከምዘየለ ገሊጹ።

"ንኣሰልጣኒና ዲያጎ ሲሞኒ ጸቡቕ ገይረ እፈልጦ እየ፣ ዘዋገድሶ እንተዘይኸውን ምኣለዪ ነይሩ።" ክብል'ውን፡ ኣብዛ ጋንታ ዛጊት ኣጉዳሲ ከምዘሎ ኣዘኪሩ። ንዝገራ እስጳኛ ብመዝነት ሓለቓ ጋንታ መሪሕዋ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ዝጻወት ዘሎ ሞራታ፡ ምስ ኣትሌቲኮ ክሳብ ሰነ 2026 ዘጸንሕ ውዕል ኣለዎ።

* ማን ሲቲ፡ ስሙ ምስ ባየር መዩኒክ ተኣሳሲሩ ዝለዓል ዝሎ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ክሪስታል ፓላስ ሚካኤል ኦሊሰ ንምጭዋይ ዝገበሮ ፈተነ ፈሺሉዎ።

ኣብ ራዳር ክለባት ፕሪመር ሊግ ኣትዩ ዝነበረ እንግሊዛዊ ኦሊሰ፡ ምስ ጀርመናዊት ክለብ ባየር መዩኒክ ጸቡቕ ከምዝተሰማምዐን ሕክምናዊ መርመራ ንምኽያድ ከምዝተቓረበን እዩ ዝሕበር - ብመሰረት ፉትቦል ኢንሳይደር።

* ብሓዲሽ ኣሰልጣኒ ንሓዳስ ዓመተ-ስፖርት እትዳሎ ዘላ ኤሲ ሚላን፡ ንኽልተ ኣካፋልቲ - ንተጻዋታይ ሞናኮ የሱፍ ፎፋናን ናይ ቸልሲ ካርኒይ ቹክወመካን ንምፍራም ከም ቀንዲ ዕላማኣ ገይራቶም ትርከብ።

ኤሲ ሚላን፡ ኣብዛ ክረምቲ ከም ቀንዲ ዕላማ ሒዛቶ ዘላ መደብ፡ ማስመር ምክፍፋላ ንምጉልባት ብምዃኑ እዩ፡ ዝም ናይ ማእከል ተጻወትቲ ጠሚታቶም ዘላ። እዛ ጋንታ፡ ብፓውሎ ፎንሰካ እያ ክትምራሕ።





## ቅድድም መኪናን ሞተር ሳይክልን ክካየድ እዩ

ቅድድም መኪናን ሞተር ሳይክልን ጽባሕ ሰንበት፡ ኣብ ቤት ገርግሽ (ጃምካና) ክካየድ ምዃኑ ካብቲ ፌደረሽን ዝተረኸበ ሓበሬታ ይገልጽ።

ዛጊት ክንደይ ተቐዳደምቲ ክሳተፉ ምዃኖም እኳ እንተዘይተረጋገጸ፡ ዝተፈላለየ ሓይሊ ፈረስ (ሰሲ) ዘለወን መካይን ዝሓዙ ተቐዳደምቲ ክሳተፉ ምዃኖም ግና ተፈሊጡ ኣሎ። ኣብ ሞተር ብሽክለታ'ውን ኣብ ክልተ ምድብ ዝተኸፋፈሉ ተቐዳደምቲ ክህልዉ እዮም።

እዚ ውድድር፡ ዝሓለፈ ዓመት - ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ ተኻዪዱ ምንባሩ ይዝከር።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ኢጣልያዊት ክለብ ሮማ፡ ንኣጥቃዓይ ሰቪያ የሰፍ ኢን-ነስይሪ ንምፍራም ምሽታ ጋንታ ርክብ ገይራ።

ብልቓሕ ካብ ኢንተር ሚላን ንዘመጻ ሮመሉ ሉካኩ ክትትክእ ተበጊሳ ዘላ እዛ ጋንታ፡ ንብርክት ዝበሉ ኣጥቃዕቲ ኣብ ዝርዝር ኣካቲታቶም ኣላ። ሓደ ካብኦም ከኣ፡ ሞሮካዊ ኢን-ነስይሪ እዩ።

ድሮ ምስ ሮማ ዝተዘራረበት ሰቪያ፡ 20 ሚልዮን ዩሮ መልቀቒ ዋጋ ስለጢፋትሉ ኣላ - እዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኩሉ ውድድር 41 ግጥማት ዝወከለ፡ 20 ሸቶታትን ሰለስተ ቀረባትን ድማ ዘበርከተላ ኣጥቃዓይ።

ምስ ሮማ ኣብ ዝተኣሳሰር ዜና፡ ተኸላኻሊ እዛ ጋንታ ለዮናርዶ ስፒናዞላ፡ ኣብዘን ዝሰዓባ 48 መዓልታት ካብ'ዛ ጋንታ ብምፍናው ውዕል ኣልቦ ተጻዋታይ ክኸውን ተቓሪቡ ኣሎ።

30 ሰነ ውዕሉ ዘብቅዕ እዚ ወዲ 31 ዓመት ናይ ቀደም ተጻዋታይ ኢታሊንታ፡ ምስ ናፖሊ ዝርርብ ጀሚሩ ኣሎ። ብናይ ሓንቲ ዓመት ናይ ምንዋሕ ኣማራጺ ዘለዎ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ድማ ተቐሪቡሉ ኣሎ።

*ምንጪ - ቱቶ ስፖርት።*

* ተጻወትቲ ናይ ምግዛእ ሸውሃታ ዘይዓገበላ ዘላ ቸልሲ፡ ምስ ተጻዋታይ ቦካ ጁኒየርስ ኣሮን ኣንሰልሚኖ ውልቃዊ ስምምዕ ገይራ ምህላዋ ተሓቢሩ።

እዛ ጋንታ፡ ኺዚ ጉዳይ ኣብ መዕለቢኡ ንምብጻሕ፡ ኣብ ስራሕ ትርከብ። ወዲ 19 ዓመት ኣንሰልሚኖ፡ ዋላ'ኳ ካብ ካልኦት ክለባት ፕሪመር ሊግ ሕቶ ይቐርበሉ እንተሃለወ፡ ንሱ ግና፡ ናብ ቸልሲ ክጽምበር እዩ ደሊዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ቸልሲ፡ ብጋንታኡ ሌስተር ሲቲ 40 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ ዘሎ ኣከፋፋሊ ኪርናን ደውስበርይ-ሃል ንምውናን እውን ሕቶ ኣቕሪባ ትርከብ። ኣብዚ መስርሕ፡ ቸልሲ፡ ንተጻወትታ ኣርማንዶ ብሮጃን ዳቪድ ዳትሮ ፎፋናን ከም መባድልቲ ቀሪባቶም ትርከብ።

ኪርናን፡ ናብ ቸልሲ እንተተሰጋጊሩ፡ ኣብ ሌስተር ዓሳሚኡ ምስ ዝነበረ ናይ ሕጂ ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኢንዞ ማረስካ ዳግማይ ክራኸብ እዩ።

*ምንጪ - ቢቢሲ*

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ዋንጫ ኤውሮጳ ዙር 16

ስዊዘርላንድ - ኢጣልያ 7:00 ድ.ቀ

ጀርመን - ደኒማርክ 10:00 ምሸት

**

**ጽባሕ**

ኵዕሶ ሰከይት ዞባ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ

ብደሆ - ሓይሊ ባሕሪ 7:00 ቅ.ቀ

ሓይሊ ኣየር - በረፈር 8:00 ቅ.ቀ

ሜካ - ሓሬና 9:00 ድ.ቀ

ዋንጫ ኤውሮጳ ዙር 16

እንግሊዝ ስሎቫኪያ 7:00 ድ.ቀ

እስጳኛ - ጆርጂያ 10:00 ምሸት

**

**ሰኑይ**

ኵዕሶ ሰከይት ዞባ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ

ብደሆ - መኸተ 5:30 ድ.ቀ

ምም.ኣርባዕተ ኣስመራ - ሲቲ ሰንተር 6:30 ድ.ቀ

ዋንጫ ኤውሮጳ ዙር 16

ፈረንሳ - ቤልጅዩም 7:00 ድ.ቀ

ፖርቱጋል - ስሎቬኒያ 10:00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ተስፉኣለም የማነ

## ሩስያ፡ ወተሃደራዊ ተኾታተኸ ኣመሪካ ኣብ ጸሊም ባሕሪ ዝገትእ እማመ ተዳሉ

ሚኒስተር ምክልኻል ሩስያ ኣንድሪ በለውሶቭ፡ ስትራተጂያውን ደሮናት ኣመሪካ ኣብ ሰማያት ጸሊም ባሕሪ ዝካየዳኦ ዘለዋ 'ተኾታተኽ' ክብል ዝገለጾ በረራታት ዝዕግትእ ስጉምቲ ክወሰድ ኣዚዙ።

እቲ ሚኒስተር ናብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ኣብ ዘመሓላለፎ ትእዛዝ፡ ሱቡኣልቦ ነፈርቲ ወግእ ኣመሪካ - ኣብ ጸሊም ባሕሪ ዘካይዳኦ ዘለዋ ስለያዊ በረራታት፡ እንታይን ብኸመይን ግብረ-መልሲ ክወሃቦ ከም ዘለዎ ዝሕግዝ እማመታት ብቕልጡፍ ከዳሉ ከም ዝኣዘዞም ተገሊጹ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ምንቅስቓስ ሱቡ-ኣልቦ ነፈርቲ ወግእ ኣመሪካ ኣብ ሰማያት ጸሊም ባሕሪ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናዛየደ ይመጽእ ምህላዉ. ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ቀንዲ ተልእኾ ናይ'ተን ነፈርቲ ንወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ሩስያ ምክትታል፡ ዩክሬን ትጥቀሞም ብዘላ ዘመናውያን ሚሳይላት ክውቅዑ ንዝኽእሉ ኣገደስቲ መሳለጥያታት ዝምልከት ሓበሬታ ምእካብን ምዃኑ ገሊጹ።

"እዚ ምንቅስቓስ እዚ፡ ኣመሪካን ካልኦት ኣባላት ኔቶን ኣብ ግጭት ዩክሬን ዘለወን ተሳትፎ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ይመጽእ ከም ዘሎ ዘርኢ. ጭብጥ ኣብነት'ዩ" ክብል ድማ ወሲኹ ኣገንዚቡ።

ገለ ካብ'ቲ ብሱቡ-ኣልቦ ነፈርቲ ወግእ ኣመሪካ ዝዋሃብ ዘሎ ሓደሻ በረራታት፡ ኣብ ሰማያት እቲ ከባቢ ኣብ መንን ነፈርቲ ወግእ ክልቲኦን ሃገራት ሓደጋታት ግጭት ናይ ምስዓብ ተኽእሎ ብዘዕዝዘ ማጠን ኣዩዱዎ ምህላዉ. ዝጠቐሰ እቲ ሚኒስትሪ እዚ. ንቀጥታዊ ምትፍናን ኔቶን ፈደረሽን ሩሲያን መሊሱ የብእሶ ከም ዘሎ ኣጠንቂቑ።



ኣብ'ቲ ከባቢ ዝኸፈ ይኸኑ ወተሃደራዊ ሓደጋ ምስ ዝኸሰት ድማ፡ ኣባላት ኔቶ ዝኾኑ ሃገራት ምሉእ ሓላፍነት ክወስዳሉ ምዃነን ኣተሓሳሲቡ።

ኣመሪካ እትርከበን ሃገራት ምዕራብ ናብ ዩክሬን ዝተራቐቐ ኣጽዋር ኣብ ዝልኣኻሉ ዘለዋ እዋን፡ ኣብ ክሪሚያ ዝርከብ ወተሃደራዊ መሳለጥያታት ሩሲያ - ብተደጋጋሚ ዒላማ መጥቃዕቲ ሚሳይልን ድሮንን ዩክሬን ክኸውን ከም ዝጸንሐ ይንገር።

## ኣመሪካ - ጆ ባይደን ብኻልእ ሕጹይ ክትካእ ኣባላት ሰልፉ ይሓትቱ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ናብ ትማሊ. ዓርቢ. ኣብ ዘውግሕ ለይቲ፡ መደበር ቴለቪዥን ሲ.ኤን. ኤን ኣብ ዘዳለወቶ መድረኽ ምስ'ቲ ቀንዲ መቀናቕንቱ ዝኾነ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ብዙሕ ኣርእስትታት ተኻቲዑ ነይሩ።



እንተኾነ፡ እቲ ብሕቶን መልስን እናተሰለየ ንሓደ ሰዓትን ፈረቓን ዝቐጸለ ርሱን ክትዕ፡ ወዲ 81 ዓመት ፕረዚደንት ጆ ባይደን ድኽመቱ ጉሊሑ ዝተጋህደሉ መድረኽ ምንባሩ፡ እዩም ኣባላት ሰልፊ ደሞክራትስ ከይተረፉ ዓው ኢሎም ዝገልጹ ዘለዉ።

ባይደን ኣብ'ቲ ናይ ክትዕ መድረኽ ብዘርኣዮ 'ኣዝዩ ድኹም' ዝበሉዎ ብቕዓት ኣመና ዝሰንበዱ ብዙሓት ኣባላት ናይ'ቲ ሰልፊ፡ ዋላ ኣብ ዝቐጽል ምርጫ እንተ ተዓወተ ንዝቐጽል ኣርባዕተ ዓመታት ሃገር ክመርሕ ኣብ ዘኽእሎ ቁመና ከም ዘየለ እዩም ክሃንዘቡ ክኢሎም።

በቲ ኣብ መድረኽ ክትዕ ዘንጸባረቖ ድኹም ብቕዓት፡ ቀድሚ ዝኣገረ ኣብ'ቲ ዝመጽእ ሕዳር ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ'ውን ክዕወት ኣጸጋሚ ምዃኑ ዝተረድኡ ገለ ካብ'ቶም ኣባላት ሰልፊ፡ ከሎ ጌና ንዓኡ ተኪኡ ኣብ'ቲ ምርጫ ዝወዳደር ካልእ ፖለቲከኛ ክሕጻ ከም ዘለዎ ርእይቶኦም ይህቡ ኣለዉ። ባይደን ደጊሙ ንኽዕወት ብገዝኡም ክሕግዙ ዝጸንሑ ካልኦት መወልቲ እውን በቲ ዘይተጸበዩዎ ኩነታት ተደሪኾም ተመሳሳሊ. ርእይቶ ይህቡ ከም ዘለዉ. ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብ ዝመጽእ ክፍላ ኑሓሰ ክኣኸቡ ኣባላት ሰልፊ ደሞክራትስ ኣብ ቺካጎ ኪጋብኡ ምዃኖም ዝሓብሩ እዩም ኣባላት፡ ኣብቲ ኣኼባ ንጆ ባይደን ብኻልእ ዝሓሸ ፖለቲከኛ ክትክኡዎ ተኽእሎ ከም ዘሎ ገሊጾም።

ምክትሉ ኩይና ትሰርሕ ዘላ ካማላ ሃሪስ፡ ኣመሓዳሪ ክፍሉሃገር ካሊፎርንያ - ጋቪን ነውሰም፡ ኣመሓዳሪ ኢሊኖይስ - ጀይቢ. ፕሪዝከር፡ ከምኡ ድማ ኣመሓዳሪ ሚሺጋን - ግረቸን ዋይትመር ዝርከቡዎም ኣባላት ናይ'ቲ ሰልፊ፡ ካብ'ቶም ነቲ ፕረዚደንት ንምትካእ ክሕጸዩ ዝኽእሉ ሰባት ምዃኖም ድማ፡ እቶም ወሃንት ወሲኾም የረድኡ።

ኣብ'ቲ ናይ ክትዕ መድረኽ ንመጥቃዕትታት ዶናልድ ትራምፕ ክብድህ ዝተጸገመ ፕረዚደንት ጆ ባይደን፡ ደጊሙ መራሒ. ኣመሪካ ንምዃን ከካይዶ ኣብ ዝጀመሮ ናይ ምረጹኒ ጉስጓስ፡ ካብ ሰልፉን ካልኦት መወልቱን ብጠቕላላ ኣስታት 346 ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት ከም ዘተኣኻኸቡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ሰልፊ ደሞክራትስ ካልእ ሕጹይ ፕረዚደንት እንተደኣ ረቒሑ፡ እቲ ሕጹይ ፖለቲከኛ ስሙ ምስ ህዝቢን መወልቲን ንምልላይ ካብ'ዚ. ዝተጠቕሰ ማጠን ገዚዝ ገንዘብ ንላዕሊ. ወጻኢታት ክኸውን ክግደድ ምዃኑ ክኢላታት የረድኡ።

## ኢንዶኔዥያ፡ ልዕሊ 100 ታይዋናውያን ኣሲራ




ሰብ-መዚ. ኢሚግረሽን ኢንዶኔዥያ፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ተዋፊሮም ከም ዝጸንሑ ንዝገለጹዎም 103 ታይዋናውያን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተዉ ኣፍሊጦም።

ንሶም ትማሊ. ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቡዎ ሓበሬታ፡ እቶም ዝተታሕዙ ታይዋናውያን ንዝተዋህቦም ቪዛን ናይ መንበሪ ፍቓድ ወረቐትን ንዘይሕጋዊ ንጥፈታት ክጥቀምሉ፡ ካብ'ዚ. ሓሊፎም'ውን ኣብ ሳይበራዊ መጥቃዕቲታት ክዋሰኡ ከም ዝጸንሑ ሓቢሮም።

በቲ ክካይዱዎ ዝጸንሑ ሳይበራዊ መጥቃዕቲታት ኣብ ማሌዥያን ካልኦት ሃገራትን ዝነብሩ ዜጋታት ከም እተበደሉ ዝጠቐሱ እቶም ሰብ-መዚ፡ ብኡ ምኽንያት እቶም ጥርጡራት ኣብ ማሌዥያ ክፍረዱ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከሎም ናብ ሃገሮም ክሰጎጉ ምዃኖም ገሊጾም።

እቶም ጥርጡራት ከሎም ኣብ ኣውራጃ ባሊ. ኣብ ሓደ ብዓል ሰለስተ ደርቢ. ቪላ እንከለዉ. ከም እተታሕዙን፡ ኣብኡ ክጥቀሙለን ዝጸንሑ ኮምፕዩተራትን ተንቀሳቓሲቲ ቴሌፎናትን እውን ከም እተወስዳ፡ መግለጺ. ናይ'ቶም ሰብ-መዚ. የመልክት።

## ፕረዚደንት ቦሊቪያ፡ "ባዕልኻ ዕልዋ ፈቲንካ" ንዝብል ክሲ ነጺጉ

ፕረዚደንት ቦሊቪያ ሉዊስ ኣርሰ፡ ኣብ'ቲ ኣብ'ዚ. ሰሙን እዚ. ኣንጻር ጉጅለ መንግስቱ ዝተኻየደ ፈተነ ዕልዋ ኢድ ከም ዝነበሮ ብገለ ወገናት'ታ ሃገር ንዝቐርበሉ ዘሎ ክሲ. ነጺጉ።

እቲ ፕረዚደንት ትማሊ. ዓርቢ. ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ዝርከብ ዋና ኣዛዚ. ሰራዊት'ታ ሃገር ጀነራል ጁዋን ጆስ ሱኒጋ፡ ነቲ ፈተነ ዕልዋ በይኑ ከም ዝተቐየሶ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ነቲ ካብ ገለ ወገናት ዝቐርበሉ ዘሎ ክሲ. "ሓሶት" ክብል ምላሽ ሂቡሉ።



ፕረዚደንት ሉዊስ ኣርሰ ዝ. ግብረ-መልሲ'ዚ. ክህብ ዝተገደደ፡ እቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝርከብ ጀነራል፡ ነቲ "ናይ ሓሶት'ዩ ነይሩ" ክብል ዝጠቐሶ ፈተነ ዕልዋ - ብትእዛዝ እቲ ፕረዚደንት ከም ዝፈጸሞ ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

እቲ ጀነራል ኣብ መግለጺኡ፡ ፕረዚደንት ሉዊስ ኣርሰ ኣብ ልዕሊ'ቲ ንሱ ዝመርሖ መንግስቲ ፈተነ ዕልዋ ክካየድ ዝደለየሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ነቲ እናኣንቈልቈለ ክመጽእ ዝጸንሐ ህዝባዊ ተቐባልነቱ ንምቕልባስ ከም ዝነበረ እውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ዋላ'ኳ መንግስቲ ቦሊቪያ - ምስ'ቲ ፈተነ ዕልዋ ብዝተተሓሓዘ ምኽንያት መበዝሕትኦም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ዝኾኑ 17 ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትዩ ከም ዘሎ ይገልጽ እንተሃለወ፡ እቲ ጀነራል ዝሃቦ ኣገራሚ ሓበሬታ ግን፡ ኣብ ባይቶ ዝርከቡዎም ብዙሓት ወገናት እታ ሃገር ኣብ ልዕሊ'ቲ ፕረዚደንት ጥርጣሬ ከሕድሩ ገይሩዎም ከም ዘሎ ይግለጽ።

እቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ዘለዉ. ጥርጡራት፡ በቲ ቀሪቡሎም ዘሎ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲን መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ. ህንጻታት መንግስቲን ገበኖታት ከይኖም ምስ ዝርከቡ፡ ን15 ዓመታትን ልዕሊኡን ብማእሰርቲ ክቕጽዑ ከም ዝኽእሉ ዋና ኣኽባር ሕጊ. እታ ሃገር የገንዘቡ።

ኣስታት 12 ሚልዮን ህዝቢ. ሓቒፋ ኣብ ከቢድ ቁጠባዊ ቅልውላው ተሸሚማ እትርከብ ቦሊቪያ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ'ዩ እቲ ዘይዕዉት ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ኣጋጢሙዋ።

ጸብጻባት ከም ዝሕብሩዎ፡ ካብ 1950 ንድሓር፡ ቦሊቪያ ብደረጃ ዓለም እታ ዝበዝሐ ዕልዋታት መንግስቲ ዝተፈጸመላ ሃገር እያ።

## ስጳኛ፡ ሓሺሽ ዝጸዓነት ሳብ-ማሪን ረኺባ

ሰብ-መዚ. ስጳኛ፡ ካብ ደቡብ ኣመሪካ ዕጹ-ፋርስ/ሓሺሽ ጸዒና ናብ ኤውሮጳ ተምርሕ ምንባራ ዝጠርጠሩዋ ሳብ-ማሪን ከም ዝረኸቡ ኣፍሊጦም።

ምስ'ታ ሳብ-ማሪን ዝነበሩ ኣርባዕተ ኮሎምብያውያን ባሕረኛታት እውን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተዉ፡ እቶም ሰብ-መዚ. ወሲኾም ሓቢሮም።

ብመሰረት እቶም ሰብ-መዚ፡ እታ 20 ሜትሮ ቁመት ዘለዋ ሳብ-ማሪን፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ ስጳኛ ምስ በጽሐት ወሽጣ ማይ ስለዝኣተዋ፡ ምስቲ ጸዒናቶ ዝነበረት 'ክሳይን' ዝዓይነቱ ዕጹ-ፋርስ ክኸውን ከም ዝኽእል ዝተገመተ ጽዕነት ጥሒላ።

እቶም ምስኣ ዝነበሩ ኣርባዕተ ኮሎምቢያውያን ባሕረኛታት ግን፡ ብሓገዝ ፖሊስ ስጳኛ ክድሕኑ ክኢሎም።

እንተኾነ፡ ፖሊስ ስጳኛ ከድሕኖም ኢሉ ምስ ቀረቦም ስለዝበርገጉ፡ ንኽኒታቶም ብዓይኒ ጥርጣሬ ክርእዩ ተገዲዶም። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣሰጋገርቲ ዕጹ-ፋርስ ምዃኖም ምስ ፈለጦም፡ ብኡ ንብኡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትዮምዎም።

ሓለዋ ባሕሪ ስጳኛ ብወገኑ፡ ነታ ዘይተኣደነ ሓሺሽ ጸዒና ልዕሊ. 1,000 ሜትሮ ናብ ዝጥልቀቱ ባሕሪ ጥሒላ ዘላ ሳብ-ማሪን ንምውጻእ ዝዕበሮ ፈተነ ከም ዝዛይሉ ኣፍሊጡ።

እታ ሳብ-ማሪን፡ ልክዕ ከምታ ኣብ 2019 ልዕሊ. ሰለስተ ሜትሪክ ቶን ሓሺሽ ጸዒና ኣብ ማያት ስጳኛ ዝተታሕዘት ናይ ትሕቲ-ማይ መርከብ ከም ዝኾነት ሰብ-መዚ. ስጳኛ ይሕብሩ።



ሓይሊ. ባሕሪ ኮሎምብያ ብወገኑ፡ ኣብ'ዚ. ዓመት'ዚ. ጥራሕ ዘይሕጋዊ ዕጹ-ፋርስ ጸዒነን ናብ ኤውሮጳ ዘምርሓ ዝበራ 13 ሳብ-ማሪናት ኣብ ማያት ሰላማዊ ውቅያኖስ ከም ዝሓዘ ይገልጽ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 29/06/24 | ጎደና 173-18ቁ21 ከባቢ. ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊት ንግስ | 127582 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565